
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.10 | ሰሉስ 12 መስከረም 2023 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ቃለ-ቡራኬ

ገጽ 3
"ሰብ ብያታ እኽሊ ብገበታ!"


ገጽ 4


ብኸመይ ትጽሕፍ?

ገጽ 5
ጭንቀት ስድራ-ቤት ብኸመይ...


ገጽ 7
ዞባ ማእከል፡ መዳለዊ ውድድር ቅድድም ብሽክለታ ተኻይዱ



# ፕረዚደንት ኢሳይያስን ጀነራል ኣልቡርሃንን፡ ኣብ ክልተኣዊ ዝምድናን መስርሕ ሰላም ሱዳንን ዘትዮም



ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ኣቦ መንበር ልኡላዊ ባይቶ ሱዳን - ጀነራል ዓብዱልፋታሕ ኣልቡርሃንን፡ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ቀትሪ ኣብ ኣዳራሽ ሃገር ኣብ ዝገበርዎ ርክብ፡ ኣብ ክልተኣዊ ዝምድናን መስርሕ ሰላም ሱዳንን ዘትዮም።

ኣብ'ቲ ዘተ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ንሱዳን ናብ በሪ ኣማን ንምስጋር ዝዓለመ፡ ኤርትራ ቀደማ ምብራዕ ናይ'ቲ ኩናት ዘቕረበቶ ንጽኢይቶኣ ዘጽርር ሓሳብ፡ ንጀነራል ኣልቡርሃን ደጊሙ ገሊጹሉ።

ምብዛሕ ተበግሶታት ንኩነታት ሱዳን መሊሱ ይሓላልኾ ከምዘሎ ዝጠቐሰ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኩሉ ተበግሶታት ኣብ ሓደ ተጠሚሩ፡ ሱዳናውያን ጉዳዮም ባዕሎም ብዘተ ክፈትሑ ከምዝኾኖም ኣጸቢቑ።


ጀነራል ኣልቡርሃን ብወገኑ፡ ንመርገጺ ኤርትራ ኣብ ጉዳይ ሱዳን ብሓፈሻ፡ ኣብ ሰላማዊ ፍታሕ ናይ'ቲ ግጭት ድማ ብፍላይ ድሕሪ ምምስጋኑ፡ ኤርትራ ዘቕረበቶ ሓሳባት ንምትግባር ብወገኑ ዝሎ ቅሩብነት ኣረጋጊጹ።

ኣብ'ቲ ርክብ ብወገን ኤርትራ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ኣምባሳደር ኣብ ሱዳን ዒሳ ኣሕመድ ዒሳ፣ ብወገን ሱዳን ድማ ሚኒስተር ፋይናንስን ቁጠባዊ ወጥንን ዶ/ር ጅብሪል ኢብራሂም፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣምባሳደር ዓሊ ኣሳድቕ፡ ከምኡ'ውን ኣመሓዳሪ ዞባ ዳርፉር ሚኒ ኣርኮ ሚናዊን ካልኦትን ተረኺቦም ነይሮም።

ብኣቦ-መንበር ልኡላዊ ባይቶ - ጀነራል ዓብዱልፋታሕ ኣልቡርሃን ዝተመርሐ ላዕለዋይ ልኡኽ ሱዳን፡ ናይ ሓደ መዓልቲ ዑደቱ ዛዚሙ - ኣብ ሰዓታት ድሕሪ-ቐትሪ ተፋንዩ።

ላዕለዋይ ልኡኽ ሱዳን፡ ትማሊ ሰዓት 11፡00 ቅድሚ-ቐትሪ እዩ ኣስመራ ኣትዩ።

እቲ ልኡኽ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ኣብ ዝኣተወሉ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብናይ ክብሪ ሰልፊ ተቐቢልዎ።



## ፕረዚደንት ኢሳይያስ ናብ ንጉስ ሞሮኮ ናይ ሓዘን መልእኽቲ ሰዲዱ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ናብ ንጉስ ሞሮኮ መሓመድ ሻድሻይ ናይ ሓዘን መልእኽቲ ሰዲዱ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብ10 መስከረም ኣብ ዝሰደዶ መልእኽቲ፡ "ንሳዕቤናት ናይ'ቲ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ንግስነት ሞሮኮ ዝተኸስተን ዛጊት ህይወት ልዕሊ 2 ሽሕ ሰባት ዝቐዘፈን ኣሽሓት ዘቑሰለን ሓያል ምንቅጥቃጥ ምድሪ ብዕምቈት ሓዘን ተኸታቲልናዮ።" ድሕሪ ምባል፡ ኣብ'ዚ ከቢድ እዋን፡ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ኣብ ጎድኒ ሞሮኮን ሓው ህዝብን ደው ከምዝብሉ ኣረጋጊጹ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣስዒቡ፡ ንስድራ ናይ'ቶም ህይወቶም ዝሰኣኑ ጽንዓት፣ ነቶም ኣካላዊ ጉድኣት ዝወረዶም ድማ ቅልጡፍ ሕውየትን ምስእ ጥዕናን ድሕሪ ምምናዩ፡ ንንግስነት ሞሮኮን ሓው ህዝብን ርግኣትን ድሕነትን ተመንዩ።

ናብ 9 መስከረም ኣብ ዘውግሐ ለይቲ ኣብ ሞሮኮ ብዘጋጠመ 6.8 ሬክተር ዝዓቐኑ ምንቅጥቃጥ ምድሪ፡ ዛጊት 2012 ሰባት ከምዝሞቱ፤ ኣስታት 2060 ከምዝቖሰሉ፡ መንግስቲ ኣብ ዘውጽኦ ወግዓዊ ጸብጻብ ኣፍሊጡ።

## ዓቃበ መንበር ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ ቃለ-ቡራኬ ሂቦም



ብጹእ ኣቡነ ጴጥሮስ (ሊቀ ጳጳስ) - ዓቃብ መንበር ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ፡ ብምኽንያት በዓል ቅዱስ የውሃንስ ቃለ-ቡራኬ ሂቦም።

ብጹእ ኣቡነ ጴጥሮስ ኣብ መልእኽቶም፡ ንኣመንቲ ክርስትና - ብሓፈሻ ድማ ንኹሉ ኣብ ውሽጢን ወጻእን ዝርከብ ኤርትራዊ፡ ከምኡ'ውን ንጀጋኑ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ "እንቋዕ ናብ ርእሰ ኣውደ-ኣመት ቅዱስ የውሃንስ ኣብጽሓኩም!" ድሕሪ ምባል፡ ትህኪት ወገድና ንስራሕ ክንተግህን ኣረጊት ኣተሓሳስባና ክንቅይርን ተማሕጺኖም።

ብጹእ ኣቡነ ጴጥሮስ፡ በዓልና ፍጹም ሓጎስ ክኸውነልና ምእንቲ፡ ኑዮም ዘይብሎም ዓቕመኛና ብዘፈቕዶ ካብ ዘሎና ብምክፋል ብሓባር ከሕልፎ ብምልባው፡ ዓመተ ሰላም፡ ራህዋን ቅሳነትን ክኾነልና ሰናይ ምንዮቶም ገሊጾም።

(ምሉእ ትሕዝቶ ቃለ-ቡራኬ ብጹእነቶም ኣብ ገጽ 2 ኣሎ)

# በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ አሐዱ ኣምላክ።

## ዕንቋዕ ካብ ዘመነ ሉቃስ ናብ ዘመነ ዮሐንስ ብሰላም ኣብጽሓና።

## “ወውእቱ ይዌልጥ ዓመታተ ወመዋዕለ/ንሱ ንዘመናትን ወርኃትን ይለዋውጥ” (ዳን. ፪፥፳/2፥20)

ክቡራንን ክቡራትን ኣመንቲ ክርስትና ብሓፈሻ ኣብ ሃገርን ወጻኢን እትነብሩ ኩልኹም ኤርትራውያን እንቋዕ ናብ ርእሰ ኣውደ ዓመት ቅዱስ ዮሓንስ ብደሓን ሰላም ኣብጽሓኩም ኣብጽሓና።

ነብይ ዳንኤል ወውእቱ ይዌልጥ ዓመታተ ወመዋዕለ ምባሉ እግዚአብሔር ሓጋይን ክረምትን ምምራኽን ምምላስን፣ ከምኡ’ውን ዝመናት ካብ ዘመነ ማቴዎስ ናብ ዘመነ ማርቆስ፣ ካብ ዘመነ ማርቆስ ናብ ዘመነ ሉቃስ፣ ካብ ዘመነ ሉቃስ ናብ ዘመነ ዮሐንስ ዝልውጥ ንሱ እዩ። ብምባል ናይ እግዚአብሔር ሥራሕ ከም ዝኾነ ገሊጹ በዚ መሠረት እዚሆ ካብ ዓመት ፳፻፲፭/2015 ናብ ዓመት ፳፻፲፮/2016 ካብ ዘመነ ሉቃስ ናብ ዘመነ ዮሐንስ ኣብጺሑና ኣሎ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ነዛ ዕለት ብኽቡር ዝበለ ብድምቀት ተኽብራን ተብዕላን ኣላ እዛ ዕለተ እዚአ ናይ ዘመን መለወጢ ርእሰ ኣውደ ዓመት ቅዱስ ዮሐንስ ተባሂላ ትጽዋዕ።

ዮሐንስ ማለት ፍሥሐ ወሃሤት/ ሓጎስን ደስታን ማለት እዩ። መጥምቀ መለኮት ቅዱስ ዮሓንስ ናይ ዘመነ ብሉይ ዛዛሚ ናይ ዘመነ ሓዲስ ጀማሪ ኮይኑ ካብ ዘመነ ብሉይ ናብ ዘመነ ሓዲስ ካብ ኑቢያት ናብ ሐዋርያት ዘሰጋገረ ድልድል ብምዃኑ ብስሙ ይጽዋዕ።

ርእሰ ኣውደ ዓመት ናይ መዓልትን ዕለትን መጀመርታ፣ በዓላትን ኣጽዋማትን ናይ ዓመት ዝሠርዑ ስለ ዝኾነ ርእሰ ኣውደኣመት ተባሂሉ ይጽዋዕ። ዘመን መለወጢ፣ ኣረጊት ዘመን ኀሊፉ ሓዲስ ዘመን ንኣብረሉ ዕለት ስለ ዝኾነ። ዚ ፈለጡ ድማ ነብይ እግዚአብሔር ዳንኤል “ወውእቱ ይዌልጥ ዓመታተ ወመዋዕለ/ ንሱ ንዘመናትን ወርኃትን ይለዋውጥ” (ዳን. ፪፥፳/2፥20) ኢሉ ዘመስከረ። ንሕና’ውን ከምቲ ናቱ፣ ንዕድመ ዝሃበና እግዚአብሔር እነመስግነሉ ዕለት እያ።

ከምቲ ሐዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ “ዕቁ እንከ ዘከመ ተሐውሩ ከመ ጠቢባን በንጹሕ ወአኮ ከመ አብዳን እንዘ ታኅሥሥዎ ለዝ ዓለም እስመ እኩይ መዋዕሊሁ በእንተ ዝንቱ ኢትኩኑ አብዳነ አላ ሐለዩ ፈቃደ እግዚአብሔር/ ከመይ ከም እትነብሩ ፍለጡ፣ እቲ ዘመኑ ክፉእ እዩ’ሞ፣ ነዚ ዓለም’ዚ እናዕቆቕኩምዎ ከም ዓያሹ ዘይኮነስ፣ ከም ፈላጣት ብንጽሕና ንበሩ። ስለዚ ፍቃድ እግዚአብሔር ኣስተውዕሉ እምበር ዓያሹ ኣይትኹኑ” (ኤፌ. ፭፥፲፭-፲፯/5፥15-17) ከም ዝበሎ እግዚአብሔር ዝሃበና ግዜ፣ ጽድቂ እምበር ኃጢአት ክንሰርሓሉ ኣይኮነን። ስለዚ ንትህኪት ወገድና’ውን ንስራሕ ክንተግህ ቤተ ክርስቲያን መልእኽታ ተመሓላልፍ። ንሕና’ውን ብሽመይ መንገዲ ኢና ኣብዚ ሓዲስ ዘመን፣ ንዘበረና ኣረጊት ሰብኣትና ማለት ናብ ኃጢአት ዝመርሐና ተግባራት ሓዲግና፣ ናብ ኀደና ጽድቂ እንንዓዝሉ ሓዲስ ሕንጻ ሰብኣትና እንሃንጸሉ እምነ መሠረት እንቐምጠሉ ክንሓስብ ይግባእ።

ብተወሳኺ ሐዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ኣረጊት ኣተሓሳስባና ክቕየር ከም ዘለዎ ክረድእ እንከሎ ከምዚ ይብል “ወሐድሱ መንፈሰ ልብክሙ/ ኣእምሮኹምን ኣተሓሳስባኹምን ሓድሱ”።(ሮሜ.፲፪፥፪/12፥2) ስለዚ ብፍቕሪ እግዚአብሔር ተኣሒዝና ብጾም፣ ብጸሎት፣ ብምጽዋት፣ ብሰግደት ተወሲና፣ ለይትን መዓልትን ኣብ ተዘክሮ እግዚአብሔር ክንጽመድን ይግባኣና። ኣብ መወዳእታ ከኣ ብንስሓ ብንጽሕና ብቅድስና ኽንነብር፣ ሰብነትና ከሕደስን ካብቲ ዝሓለፈ እዋን ብዝበለጸን ዝሓሸን መንገዲ መንፈሳዊ ዕብየት ክህልወና ይግባእ።

ስለዚ ኣብዚ ጊዜያዊትን ኃላፊትን ዓለም ሕሉፍ ኣብነና ኃጢአትናን ከይተጸብጸበ በዓይነ ምሕረቱ ሓልዩ ክሳብ እዛ ሰዓት ብጥዒና ብሰላም ዘጽንሓና፣ ኣብ ዕድመና ዕድመ ወሲኹ ሓዳሽ ዓመት ባርኹን ቀዲሱን ምሃብ፣ ተወሳኺ ካልእ ኃጢአት ከንፍጽመሉ ዘይኮነስ ንሱሓ ንኽንነኣትወሉ እዩ።

ኣብ ርእሲኡ ድማ በዓልና ፍጹም ሓጎስ ምእንቲ ኪኸውን ከኽብረልና ኑዮም ዘይብሎም ኑዳያን ዓቕምና ብዝፈቕዶ ካብ ዘለና ብምክፋል ብሓባር ከሕልፎ ሓደራ ንብል።

ኣብ መወዳእታ እዚ ሓዳሽ ዓመት`ዚ ዓመተ ሰላም፣ ዓመተ ራህዋ፣ ዓመተ ቅሳነት ገሩ፣ እግዚአብሔር ንወርኃ ክረምቲ ባርኹ፣ ብዘሩና ኣብቑሉ፣ ብፅሓይ ኣብስሉ፣ ንዘለና ልምላሜ ካብ ነጣሪ ኣሪ ሓልዩ፣ ፍርሑ ክንሓፍሶን ከምኡ`ውን ናብ ብርሃ መስቀሉ ብሰላም ከብጽሓና ቅዱስ ፍቓዱ ይኹነልና።

**እግዚአብሔር ሃገርና ይባርኽ!!!**

**ብፁዕ አቡነ ጴጥሮስ (ሊቀ ጳጳስ) ዓቃቤ መንበር**

**ዘኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ**

**መስከረም ፳፻፲፮/ መስከረም 2023**

# ድባርዋ - ኣብ ‘ሕጊ ዕዮ’ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ



ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ደቡብ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ደባርዋ ንኣሰራሕትን ሰራሕተኛታትን - ኣብ ሕጊ ዕዮ ዘተኩረ ኣስተምህሮ ሂቡ።

ኣቦ’ቲ ጨንፈር ሓላፊ ኣሃዱ ዕዮ ኣቶ ረዘነ ወልደኣምላኽ ኣብ ዝሃቦ ንኣዋጃት ምሕደራ ዕዮ ዝምልከት መብርሂ፡ ድሕሪ ናጽነት ዝወጸአ ኣዋጅ ሕጊ ዕዮ ቁጽሪ 8/1991፡ ኣብ 2001 ብኣዋጅ ቁጽሪ 118/2001 ከም እተመሓየሸን ከም እተተክአን ብዝርዝር ኣረዲኡ።

ኢንስፔክተር ደሳለ ሓጎስ ብወገኑ፡ ኣብ ምሕላው ሰብኣዊ ክብሪ ሰራሕተኛ፣ ኣብ ምቕራብ መከላኸሊ ድሕነትን ጥዕናን፣ ሰራሕተኛ ክቐጽር እንከሎ - ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ንሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ክሕብር ከምዝግባእ፣ ኣብ መሰል ደሞዝን እስትሕጋግን - ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ።

ተሳተፍቲ፡ ኣፍልጦኦም ኣብ ሕጊ ዕዮ ንምብራኽ ኣስተምህሮ ብምውዳቡ ምስጋና ድሕሪ ምቕራብ፡ ብጽሑፍ ዝተዳለወ ኣዋጃት ብቐሊሉ ዝረኽብሉ መንገዲ ክህሉ ተላቢዮም።

# ጋሽ-ባርካ - ሓላፊት ሃማደኤ ንደቂ-ኣንስትዮ ሰሚናራት ኣካይዳ

ሓላፊት ሃማደኤ ዞባ ጋሽ-ባርካ ወ/ሮ የሕደጋ የውሃንስ፡ ካብ 29 ነሓሰ ክሳብ 4 መስከረም፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ድገን ኣቘርደትን - ንደቂ-ኣንስትዮ ሰሚናራት ኣካዪዳ።

እቲ ሰሚናራት፡ ኣብ ኣገዳስነት ምውዳብን ምሕያል ማሕበርን፣ ኀይሲ መደባት ልምዓትን ተሳትፎ ደቂ-ኣንስትዮን፣ ምውሓስ ጥዕና ኣደን ዕሸልን፣ ምዕቃብ ጺጋታትን ክብርታትን ሕብረተሰብን፣ ተሳትፎ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ፣ ከምኡ’ውን ምውጋድ ድሑር ልምድታትን መርዓ ትሕቲ ዕድመን ኣብ ዝብሉ ኣርእስትታት ዘተኩረ ነይሩ።

ወ/ሮ የሕደጋ እቲ ኣብ በበይኑ መዳያት ዝርከ ዘሎ ለውጥን ምዕባለን፡ መርኣያ ወህደት ማሕበር ምስ ናይ ሰራሕ መሻርኽቱ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኪኖ’ቲ ተበጺሑ ዘሎ ደረጃ ንምግዓዝ፡ ንቕሓት ኩሉ ዜጋ ክብርኽ፣ ምጥርናፍን ኣበርክቶን ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ማሕበር ክዓዝዝ ኣዘኻኺራ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቊ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፉኣለም የማነ
ተስፉልደት መብራህቱ

ቊ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት

ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

# ኣባላት ኩባንያ መጓዓዝያ ‘ሊሎ’ ተወሳኺ ስልጠና ረኺቦም



ብምውህሃድ ዓንበርብዐ ሼር ካምፓኒን ‘ሊብያ ኦይል ኤርትራ’ን፡ ናይ ሓደ ሰሙን ትምህርቲ ውሑስ ኣገባብ ምምራሕ መኪና፡ ወቕታዊ ጽገና መኪናን መሰረታዊ ኣፍልጦ ቅባኣን ዝወሰዱ 59 ኣባላት ኩባንያ መጓዓዝያ ‘ሊሎ’፡ ብ7 መስከረም ተመረቕም።

ዋና ኣካያዲ ስራሕ ኩባንያ መጓዓዝያ ‘ሊሎ’ ኣቶ ሓየሎም ነጋሲ፡ እቲ ትምህርቲ - ዝሃብዎ ኣገልግሎት ኣዕጋቢ ክኸውን ኣብ ዝኻየድ ጻዕሪ ዕዙዝ ተራ ክህልዎ ዘለዎ እምነት ብምግላጽ፡ መራሕቲ ሞተር ሳይክል፡ ፎርክሊፍት፡ ኣውቶቡሳት፡ ንኣሸቱን ዓበይትን መካይን፡ ከምኡ’ውን ክኢላታት ጽገና መካይን፡ ዓደልቲ ቅብኣታትን ኑዳድን ከምእተሳተፍዎ ሓቢሩ።

ኣብ ዓንበርብዐ ሼር ካምፓኒ ሓላፊ ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ ኢንጂነር ናህም ሚልዮን እውን፡ እቲ ትምህርቲ ደረጃ ብቕዓት መራሕቲ መካይን ክብ ኣብ ምባል ኣስተዋጽኦ ክገብር ዘለዎ እምነቱ ገሊጹ።

ወከልቲ ሰልጠንቲ ብወገኖም፡ ዝበርዎ ግብራዊ ተመኩሮ ብኽልሰ-ሓሳብ ስለዝደገፍዎ፡ ዝያዳ ውጽኢታውያን ንምዃን ከምዝጽዕሩ ሓቢሮም።

ኣብ መወዳእታ ሰልጠንቲ፡ ናይ ተሳታፍነቶም ወረቐት ምስክር ተቐቢሎም።

## ኮሎኔል ግርማይ ቀለታ ተሰዊኡ

ኣብ ምምሕዳር ዞባ ደቡብ - ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ማይ-ዓይኒ ዝነበረ ገዲም ተጋዳላይ ኮሎኔል ግርማይ ቀለታ ተኽለሰንበት፡ ብዝሓደሮ ሕማም ብ9 መስከረም ኣብ ማእከል 69 ዓመት ዕድመኡ ተሰዊኡ።



ኣብ ወርሒ ነሓሰ 1973 ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ገዲም ተጋዳላይ ግርማይ ቀለታ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ፡ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት ካብ ተራ ክሳብ ኣዛዚ ቦጦሎኒ - ንህዝቡን ሃገሩን ብትብዓትን ተወፋይነትን ኣቃሊሱ ዘቃለሰ፣ ድሕሪ ናጽነት ድማ ኣብ ሚኒስትሪ ምክልኻል ክሳብ ኣዛዚ ብርጌድ ኮይኑ ከገልገለ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ ወርሒ መጋቢት 2003 ናብ ሚኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳራት ተቐዪሩ፡ ኣብ ምምሕዳር ዞባታት ጋሽ-ባርካን ደቡብን ከም ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ተመዲቡ ዘገልገለ ወፋይ ሓርበኛ እዩ።

ገዲም ተጋዳላይ ኮሎኔል ግርማይ ቀለታ፡ በዓል ሓዳርን ኣቦ 6 ደቂን እዩ።

ስነስርዓት ቀብሩ፡ ሰንበት 10 መስከረም ፍርቂ መዓልቲ ኣብ መካነመቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ምምሕዳር ዞባ ደቡብ፡ ብመሰዋእቲ ገዲም ኣባሉ ኮሎኔል ግርማይ ቀለታ ተኽለሰንበት ዝተሰምዖ ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን ጽንዓት ተመንዩ።

# “ሰብ ብያታ እኽሊ ብገበታ!”

ተስፋይ ዕቑባይ

ሱጥባበኛ በረኸት ኣማረ ኣድሓኖም ይበሃል። ተወሊዱ ዝዓበየሉ ዓዲ ካብ ከተማ ኣስመራ 148 ኪ/ሜ ርሒቑት ዘሎ ኰይኑ፡ ኣብ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ማኩሓል ወደክለ ዝበሃል'ዩ። እዚ ዓዲ፡ ከም በዓል ማሾኛ ኣይተ ወልደግዮርጊስ ገድሉ፡ ማሾኛ ነጋሽ ባርያኡ (ነጋሽ ሳጥላ)፡ ማሾኛ ጉብረመድህን ብስራትን ካልኦትን ዘፍረየ እዩ። በረኸት ከኣ ኣሰርም ተኸቲሉ ኣብ ዓውዲ ሱጥባበን ምርምር ባህልን ሕብረተሰብን ካብ ዝጥፍ ልዕሊ 20 ዓመት ኰይኑ ኣሎ።



ድሕሪ ናብ ሳዋ ምውራዱ ኣብ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ተመዲቡ ን20 ዓመት ሰሪሑ። ሓይሊ ኣየር ኤርትራ፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ጉዕዞ ህይወቱ ንዘበርሉ ልዑል ኣስተዋጽኦ ብዙሮሮኡ ከም ዘማእዞ ገሊጹ። ትያትራዊ ኣርትን ምሕደራ ንዮዲን ድማ ኣጽኒዑ። ኣብ 2021 ናብ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ዝተሰጋገረ መንእሰይ በረኸት፡ ኣብ ጨንፈር ምርምር ሱጥንታዊ ወርሻ ተመዲቡ እሰርሕ ኣሎ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ዓቢ ዝሰርሓሉ ዘሎ ኣፈ-ታሪኽ ቀዳሞት ሓመዱ ህኒፍኣ ኣብ ምልዓልን ምኹሳዕ እዩ። ምኽንያቱ፡ “ገረብ ብዘይ ሱር፡ ህድሞ ብዘይ ዓንዲ ኣይቀውምን'ዩ” ከምኡ ስለ ዝኾነ ኸኣ፡ “ሱር ታሪኽ ቀዳሞትና ከመይ ነይሩ?” ኣብ ዝብል ዓቢ ይሃጥፍ ከም ዘሎ ሓቢሩ።

ምስ በረኸት ኣማረ ንመጻሕፍቱ ዝምልከት ዝገበርናሉ ቃለ-መሕትት ቀድሚ ምቕራብና፡ ኣብ መጽሓፍ “ካብ ጥሪ ናብ ጥሪ” ካብ ዘሰፈሮም ውግዒታት ቅዱስ የሃንስ ከቕድም።

“ማሰከረም፡ ተዛሪቢ ዝበር ኣፋ ደእረም፡ ” ብምባል'ዩ ወግዒ ፈሊሙ። ሓረስቶት ቅድሚ ማሰከረም፡ “በዚኣ በረቓ፡ ሎሚስ ማይ ይሃርመና ይኸውን. . .” እናበሉ ብዘሰፋ ክጸበዩ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ ወርሒ ማሰከረም ግን ክረምቲ ዝዕቦ “ተማሰገን” ኢሎም ተቐቢልካ'ዮም ብዘለዎም ትሕዝቶ ንበዓላት ቅዱስ የሃንስ ንምኽባር ዝሸባሸቡ።

ወርሒ ማሰከረም፡ ኣብ ሕብረተሰብ እታ ተፈታዊት ወርሒ እያ። ገቦታትን ጐላጉልን ገልገለ ማስቀለ ተሰሊሞም፡ ተዘሪኡ ዝኸረመ ኣእካል ሸዊቱ ዝሕንጠጠሉ ግዜ ኣኺሉ፡ ጭልቅዕ ዝበረ ዓፋፉን ዒሂዱ ተጠቢሱ ዝበዓሉ እዋን በጺሑ፡ ኣብ ኣፍሲ-ወከፍ ቤት ቆግተርገርግ ናይ ዕፉን ዝሰማዓሉ ግዜ ብምዃኑ፡ ሓረስቶት ተሰፋኦም ዝጭበጠሉ ወርሒ እዩ።

ምድረሰማይ በርሃው ኢሉ፡ መርዑ ይኽና ኣደታት ኣብ'ቲ ልሙዕ ሰውሒ ኣትየን፡ “ዕምባባ ሽለ” ኣብ ግንባረን ተሰሊመን ዕምባባ ኽማሰሉ፡ ርግሀ (ኣርግሀ) ክጨፍራ ኽለዋ፡ ንጠምጉቲኣን ፍሰሃ ይፈጥራሉ።

እቲ ኣብ መሬት ተደፊኡ ዝኸረመ ኣእካል፡ ኣብ'ዛ ወርሒ'ዚኣ ፍረ ሐዘ ክሳዱ ኣድኒኑ ብንፋስ እናተወዛወዘ ኽረኣ ኽሉ፡ ወርሒ ማሰከረም ዝያዳ ኩለን ኣዋርሕ ተፈታዊት ይገብራ። ሓረስቶት፡ ዓይኖም ብዘርእዮ ፍረ ምድሪ ተሓጒሶም ምሉእ ብምሉእ ተሰፉ ይገብሩ።

“ዝዩ-ሓልፈላ ጭሩስ ማስከረም ትዓውር” ተባሂሉ ክምስል ንሰምዕ ኢና። ከም ኣገላልጻ ናይ'ዚ ምስላ'ዚ፡ ጸጋዕር ክረምቲ ምስ ጥሜትን ጻዕርን ተሓሊፉሉ፡ ኣብ'ታ እኽሊ ትብኣዓለ እዋን ሕማቕ ከጋጥማ ኽሎ፡ ማዕረ ኽንደይ ዘይዕድለኛ ምዃና ንምግላጽ ዝተመሰለ እዩ።

ኣብ መዓልታት ጸገሚን መንእሰያት ኣውዓት ንቕዱስ የሃንስ ዝኸናዎም ሸጉ፡ እግሪ ጓል-እግሪ፡ ኩበዩ፡ ጓል-ኩበዩ፡ ጭራሮ፡ ጓል-ጭራሮ እናበሉ፡ ሸግ ክሰርሑ ድሕሪ ምቕናይ፡ ደሮ ቕዱስ የሃንስ ምሸት፡ ብጒዙውቲ ተኣኪቦም ሸንም ወሊዖም ተሰሪዖም “ሆየ. . .” እናበሉ ይኸሉ። ኣዚ ግን ከም ከባቢኡ ክፈላለ ይኽእል እዩ። ዋላ'ኳ እቲ ትሕዝቶ ናይ'ቲ ግጥሚ እንተ ዘይተፈላለየ፡ ዜማ ወይ ቕኒት ናይ'ቲ ጨፈራ ሆየ ግን፡ ካብ ከባቢ ናብ ከባቢ ይፈላለ እዩ።

ኣጋዉብ ሆየ ብዝምልከት፡ መንእሰያት ብሓባር ኰይኖም ነንዞውቶም ሸግ ወሊዖም ድሕሪ ምኻላ፡ ብደረጃ ዓዲ ተኣኪቦም ድማ ንቤተ-ክርስትያን ዓዶም ከዞርዎ ኣብ ሓደ ማእከላይ ቦታ ይተኣኻኸቡ። እንተደኣ ኣብ'ቲ ልሙድ ዓመታዊ ግዜኦም ዝደንገዩ መንእሰያት ሃልዮም ድማ፡ እቶም ኣብ'ቲ መተኣኻኸቢ ቦታ ዝጸበይዎም ዘለዉ መንእሰያት ኑቶም ዝደንገዩ ብዓውታ፦

*መረፎ መረፎ መረፎ*
*ኣብ ጉንዲ ቑፎ*
*ሰበዩቱ ተኸናርፎ።*

እናበሉ ብጸርፊ ይህውኹዎም እሞ፡ ኣቶም ዝደንገዩ መንእሰያት ድማ ተብተብ እናበሉ ሸጉም ሐዞም ደቦኽ ይብሉ። ድሕሪ ምትእኽኻቦም፡ እቲ ጥዑም ደምጺ ዘለዎ ጨፋሪ “ሆየ. . .” እናበለ፡ መሪሕዎም ናብ'ቲ ቤተ-ክርስትያን የቕንዑ።

*ሆየ ሆየ ሆያሆ ሆያሆየ————ሆያ*
*ሆየየ።*
*ሆየ ዘይበለ ካብ ይፈለ————ሆያ*
*ሆየየ።*
*ሃንስ ቕዱስ ብዩሓን ይማለስ————ሆያ*
*ሆየየ።*
*ሆያ ሆየ————————ሆያ ሆየየ።*
*ሆየ—ሆየና ሆየ*
*ሆየ—ሃንስ ማስቀለ*
*ሆየ—ብዩሓን ይቀልቀለ*
*ሆየ—ኣብ'ብርሃም ዓን*
*ሆየ—ክገኑይ ተገን*
*ሆየ—ኣብ'ብርሃም ሸንሸን*
*ሆየ—ንዓናይ ኽሸን*
*ሆየ—ኣብ'ብርሃም ጠጡ*
*ሆየ—ክገዩ ጠሬጡ*
*ሆየ—ኣጆኹም ቁልዑ*
*ሆየ—ጫልደንን ጨልቂዑ*
*ሆየ—ኣጆኹም ጓሶት*
*ሆየ—ጫልደንን ሸውተ*
*ሆየ—ኣጆኹን ኣንስቲ*

ሆየ—ጸዕዳ ጣፍ ለወስቲ ... እናበሉ ነቲ ቤተ-ክርስትያን ብዮማን ጀሚሮም ሰለስተ ሳዕ ይዞርዎ። ደቂ-ኣንስትዮ እውን ኣብ ቅርዓት ቤተ-ክርስትያን ኮይነን እናደረፋ የሰንያኦም እየን፡

*ሰሱ ሰሱ ሸሕን ዋልታን ከኑ*
*ኢታ ዛጋደና ከይኣትዋ ጓና*
*ሰሱ ሰሱ እንቃዳ ጣፍ ከኑ*
*ኢታ ዛጋደና ከይኣትዋ ጓና።*
*ሕየባ ማሰለም'የ*

‘ቲ ሕየባ ከምሱልና. . . እናበላ ከደርፋሉም ድሕሪ ምጽናሕ፡ እቶም መንእሰያት ድማ ማሰርሕ ዑደት ዛዚሞም፡ እቲ ተረፍ ሸግ ብሓባር ኣኪቦም ናብ'ቲ ጓይላ ዝጻወትሉ ቦታ ይወስድዎ።

ብድሕሪ'ዚ፡ ኣዋልዶም ኣውዓዮም ምሉእ ለይቲ ኑቲ በዓል ብዘውክሉ ደርፈታት ጓይላ ክጻወቱ ይሓድሩ። እዚ ኸሉ ወግዒ ኣብ ደሮ ቕዱስ የሃንስ'ዩ ዝፍጸም። ዘይተመርዓዉ ኣውዓትን ኣዋልድን ብሓባር ኰይኖም ድማ ይጻወትዎ። ኣብ ገሉ-ገለ ከባቢ ኣብ'ዚ ምሸት እተን ዘይተመርዓዋ ኣዋልድ በይነን ተፈልየን ኣድ ንኣድ ተተሓሒዘን ይጻወታኦ። ገለ ካብ'ቲ ሽዑ ዝደርፋኦ፦

*ሓሸወየ—ሸወየ*
*ሓሸውኛው ሸመታ—ሸወየ*
*ኣዳናይ ከይሞታ—ሸወየ*
*ሲጋዕ ንዓመታ——ሸወየ*
*ምስ ኣዳናይ ጉት—ሸወየ*
*ክፈላለ ደየ———ሸወየ*
*ምስ ኣዳናይ ውዳሰ—ሸወየ . . .*

ነዚ ሓሸወየ ዛዚመን ናብ'ተን ዝተመርዓዋ ደቂ-ኣንስትዮ ክሕወሳ ምስ በላ፡ እተን መርዑ ቁሩብ ናይ ምኽራዕ ምልክት ስለ ዘርኣያኦ፡ ከም'ዚ ዝስዕብ ኢለን እናዘለፋ ናብ'ቲ ክጅመር ዝቀራረብ ዘሎ ጓይላ ይጽንበራ።

*ኣቲ ሰቡር ሰዓት'የ*
*መርዑ ሉብዘን ዘይቅጽዓት'ዩ።*
*ኑተን ዝኸርዓ'የ*
*ሓዊ ምለሱለን ክበራዓ'ዩ።*

ኣብ መዓልቲ ቅዱስ የሃንስ ድማ፡ ኑቲ በዓል ብዘበልጽ ኣገዉብ ዝተዓለወ ኣኽሉ-ማይ ምስ ተበልዐ፡ እቶም ጓይላ ክጻወቱ ዝሓደሩ መንእሰያት ተመሳሲሖም ኣብ'ቲ ልሙድ ጓይላ ዝጻወትሉ ቦታ ይውሕዙ። እተን ኣዋልድ ድማ በብጒዙውተን ተኣኪበን ከቦሮ እናሃረማ፡ ኣብ ኣደን ቈጸሊ ሐዘን እናደረፋ ናብ'ቲ ጓይላ ዝጻወታሉ ማእከል ቦታ ይተኣኻኸባ። እዚ ጸወታ'ዚ ኣቐዲሙ ካብ ኣውደ-ኣመት ማርያ እዩ ዝጅምር።

ማሕጸ ድማ ብሓባር ይጻወትዎ። እዚ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ዝጽወት ጸወታታት፡ ካብ ከባቢ ናብ ከባቢ ኣሰማጉ ክፈላለ ይኽእል'ዩ። ኣብ ከባቢ ሸመዳና፡ “ዕምባበ” ክብልዎ ኽለው፡ ኣብ ከባቢ ሱሓርቲን ዕጣን ዘራእን ድማ፡ “ኣሸንዳ” ይብልዎ፡ “ዓይኒ ዋሪ” ዝብልዎ ከባቢ'ውን ኣለው። ኣሸንዳ፡ ሓንቲ ንእሹቶ ግፍሕ ዝበለ ቈጸሊ ዘለዋ ተኽሊ ኾይና፡ እቲ ቈጸሊ ምስ ሽጉርቲ ዝበኢ ዝመሳሰል'ዩ። “ኣሻሞዳ” ዝበሃል ዓይነት ጸወታ'ውን ይጽወት እዩ። እዚ ጸወታ'ዚ ኣብ ከባቢ ዳምባ ሱሓርቲ፡ በርኽት ከምኡ'ውን ኣብ መረታ ቐይሕ ይጽወት ነይሩ። ገለ ካብ'ቲ ዝድረፍ ንምጥቃስ፦

*ዋዕምባበይ በላ*
*ኣትን ኣውላድ መጋረይ።*
*ኣውላድ መጸኣ በላ መጸኣ በላ*
*ዋዕምባበይ ይማስላ ናይ ማስቀለይ. .*
*. ብምባል በረኸት ኣማረ ንቕዱስ የሃንስ*
*ዝምልከት ወግዑ ዛዚሙ እሞ - ናብ ዝቕጽል*
*ሓፈሻዊ ዕላልና ሰገርና።*

***በረኸት ኣማረ፡ ኣብ ምህቃብ ባህሊ እንታይ ኣበርክቶ ይገብር ኣለኹ ትብል?***

ባህሊ ክንብል ከለና ኣገዚዩ ሰፊሕ ኣርእስቲ እዩ። ባህሊ፡ መግለጺ ናይ ኣተሓሳስባን ኣነባብራን ናይ'ቲ ኣብ ኣብ እዋኑ ዝነበረ ሕብረተሰብ ኰይኑ፡ እቲ ሕብረተሰብ ምስ ባህሪ ናይ ከባቢኡ ኣዛሚዱ ዝፈጠሮ ሓዲ ረቂቕ ሓይሊ እዩ። ንባህሊ ሕብረተሰብ'ዩ ዝፈጥሮ፡ ባህሊ ኣይኮነን ንሕብረተሰብ ዝፈጥሮ። ባህሊ ብኸምዚ ዝግለጽ ካብ ኮነ፡ ንኸንድ'ዚ ዝኸውን ስፍሓትን ዕምቈትን ዘለዎ ዓውዲ ክዕቅብ ዓቕመይ ደሩት እዩ። ግን በዚ ንእሹቶይ ዓቕመይ ማእምራን ናይ ዕድመ ሰብ ጸጋ እናሓተትኩ ኣቐዲሞም ዝተጻሕፉ መጽሓፍቲ እናተወከስኩ፡ ኣፈ-ታሪኽን ሱትወልድን ከምኡ ድማ ንኽብርታት ሕብረተሰብ ዝገልጹ ያታታት ኣብ ምስናድን ምዕቃብን እሰርሕ ኣለኹ።

ከም ውጽኢት ናይ'ዚ ምርምር ድማ፡ ኣብ 2019 “*ታሪኽ ሰንሰለት ወለዶታት*” ቀዳማይ መጽሓፍ ትብል ኣፈ-ታሪኽን ሱ-ትውልድን ዝሓቖፈት ናብ ኣንበብቲ ኣቕሪበ። እዚ ኣብ ውሽጣ ዘሎ ትሕዝቶ ንምስናድን ናብ መጽሓፍ መልክዕ ንምድላውን ዓሰርተ ኽልተ ዓመት ወሲዱለይ። ንኣንባቢ ከሽንኳ ክትቅርበሉ ኽለኻ ቀሊል እዩ ዝመስል። ንዓይ ግን ናይ ከቢድ ከቢድ'ዩ ነይሩ። ምርምራዊ መጽሓፍ ምድላው ዕጽድ ከምር ዝመስሎም ሰባት ኣይሳኣኑን'ዮም። ግን ዘይፈተኖ ይፈትኖ እንተ በልናዮ ይሓይሾ።

ኣብ 2021 ከኣ “ኣእምሮይ ኣሰፈሐ ጸጋይ ኣብዚሐ” ትብል መጽሓፍ ታሪኽ ህይወት ኣቶ ኣለም መሓረና ዝዛዝት ኣዳልየ። ኣቶ ኣለም መሓረና ኣብ ንግድን ማሕበራዊ ህይወትን ዕውት ሰብኣይ እዩም ነይሮም። ኽጋደን ንግዲ ክጅምሩ ንዝደልዩን ድማ ካብ ተመኩሮ ኣለም መሓረና ክቕስሙ ይኽእሉ እዮም። ካረሚለን ብሽኮትን ኣለም መሓረና ዘይፈልጦ ወደ'ስመራ ዳርጋ የለን። ኣቶ ኣለም ዝሓለፈ ዓመት እዮም ሞይቶም። ኣብ 2022 ድማ “ካብ ጥሪ ናብ ጥሪ” እትብል መጽሓፍ ናብ ኣንበብቲ ኣቕሪበ። እዛ መጽሓፍ ኣብ ኣፍሲ-ወከፍ ወርሒ ዝዕየድ ያታዊ ንጥፈታት ብፍላይ ድማ ኣብ'ቲ ኣፋዊ ሱ-ጽሑፍ እንብሎ፡ ከም ዛንታ፡ ያታዊ ደርፍታት፡ ናይ መርዓ ኣገባብ፡ ናይ ማሕረስ፡ ዓጺድ፡ ሃይማኖታውያን በዓላትን ካልእን ዘጠቓለለት መጽሓፍ እያ። ጽብቕቲ መወከሲት መጽሓፍ ድማ እያ።

እዚ ጥራይ ግን ኣይኮነን ኣቐዲመ ዝተፈላለዩ ደርፍታትን ድራማታትን ሰሪሐ እየ። ከም ተዋሳኣይ ኩይነ'ውን እሰርሕ እየ። እዚ ናይ ሎሚ ዕላልና ግን ምስ ምርምር ዝተተሓሓዘ ስለዝኾነ ከይገፋሓና ኣብ ሱ-ጽሑፍ ጥራይ እንተ ተዘራረብና ይሓይሽ። ሕጂ'ውን ምርምራዊ ስራሓተይ ኣብ ምቕጻል እየ ዘለኹ።

***“ታሪኽ ሰንሰለት ወለዶታት” ንምድላው ክትብገስ እንታይ እዩ ኣተባቢዑካ?***

ምርምር፣ ኩሉ ግዜ ሓደ ሃገር ምስ ተዓዘብካ ኢኻ ነቲ ትዕዝብትኻ መልሲ ክትረኽበሉ ሃሰው ክትብል ትጀምር። ኣነ ኸኣ ኣብ ትዕዝብተይ ብቐጻሊ ዝደጋገም ኣበሃህላ - ማለት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሓድሕዱ ዘይፈላለ ሓደ ህዝቢ እዩ። ብምዕራብ ዘሎ ብደቡብ ዘሎ ብሰሜን ይኹን ብምብራቕ ብዘርኡን ዕላማን ዘይፈላለ እዩ። ሰኣን ምፍላጥ ግን፡ ፍልልይ ዘለዎ ዝመስሎም ሰባት ኣለዉ - ዝብል ኣበሃህላ ሰሚዐ ሰባት ምስ ሰማዕኩ፡ እዚ ሓሳብ ደጋጊመ ኣተሚሰዕ ኣብ ሓደ ውሳኔ በጺሐ። “እዚ ጎቦ እንተ ዝሕረስ እኽሊ ምኾነ፡ እዚ ሰብ እንተ ዝሕተት ሓው ምኾነ” ዝብል ምስላ ኸኣ ቅጅል ኢሉኒ። በዚ ተተባቢዐ ሕውነትን ሓድነትን ህዝቢ ኤርትራ ክገልጽ ዝኽእል መጽሓፍ ክዳሉ ኣሰፈ ኢለ ኣብ 2007 ተበገስ።

ኣቐዲመ ግን ማሾን መልቀስን ክኣኻኽብ ጀሚረ ነይረ እየ። ነዚ ሓሳብ ክዝብር ኣሰፈ ኢለ ምስ ወሰንኩ፡ ብቐጥታ ኣፈ ታሪኽ ክጸንሕ ጀሚረ። ብድሕሪ'ዚ ዓዲ ዓዲ እናኸድኩ ማእምራን ናይ ዕድመ ሰብ ጸጋ ከዛራርብ ጀሚረ። ዝርርበይ ቀዳሞት ወለድና ተቐዲሖም ዘይወርድኡ ዒላ ልቦና እዮም። “ኣብ ኢድካ ዘሎ ወርቂ ዳርጋ ጨርቂ” ከም ዝበሃል ግን፡ ኣብ ጉና ዘሎ ልቦና ከየስተውዓልና ኣብ ማእዶና ዘሎ ህውትትና ኢና ነድንቕ።

***እሞ ኣብ መጽናዕትኻ እቲ ዝተላዕለ ሓሳብ ልክዕ ኮይኑዶ ጸኒሑካ?***

ይገርመካ እዩ። ማብቆላውትን፣ ብቛምት ኩሉ ቛንቋ ብዶብ ኩሉ ፖለቲካ ዘይሕጸር ተፈጥሮኣዊ ህያብ እዩ። እዚ ክንኣምኖ ዘለና እምንኹርናዕ እዩ። መግዛእቲ ግን ማዕረ ኽንደይ ሓያል ምዃኑ፣ ሕብረተሰብና ኣብ ንሕድሕዶም ብዓሌትን ሃይማኖትን እናቐስቀሰ ኣብ ሕድሕዶም ከም ዝፈላለዩን ሓደ ዕላማ ከም ዘይህልዎምን ዝዙብር እኩይ ኣተሓሳስባ እዩ። ወዲ ሰብ ናብ'ዛ ዓለም ብምምጻኡ ኣይኮነን ዝመጽኡ። እምነትን ቛንቋን ዶብን ፖለቲካን ከኣ ድሕሪ ወሊድ ዝመጽኡ ውልቃውን ሓበራውን ምርጫ እዩ።

በዚ ኹይኑ በቲ ግን ህዝቢ ኤርትራ ናይ



ህይወትን ዕውት ሰብኣይ እዮም ነይሮም።... (see above)

ኣቀማምጣ መሬት እንተ ዘየኹይኑ፡ ብዘርኢ ይኹን ብዕላማ ዘይፈላለ፡ ልክዕ ከም ካብ ሓንቲ ዓይኒ ማይ ዝፈልፈለ ጸሩይ ዛራ እዩ። እቶም ንዝመናት ኣብ ልዕሊኡ ዝተጻዕኑ ዝተፈላለዩ መግዛእቲታት ግን፡ ኣብ ሱልጣኑ በስላ ጉዳፎምሉ እዮም። ስለ'ዚ ኣብ መጽናዕተይ ህዝቢ ኤርትራ ብዘርእን ዕላማን ሓደ ህዝቢ ምዃኑ ክሰዕ እዚ ገዲረያ ዘለኹ መጽናዕቲ ከረጋግጾ ክኢለ ኣለኹ።

ኣብ ገበር ናይታ መጽሓፍ ኣሰፈረያ ከም ዘለኹ፡ ቃል ኣፍሰዝር ኣቦይ ስራጅ (ማይ ጉድፍ) “እው፡ ኣረጊት የውግዕ ሓርበኛ ደውጒእ እንድኣሉ፡ ኣሰምግዩና ክስታናይና፡ እቶት ሓንቲ ግራት ጸብ ሓንቲ ላሕሚ ኢና። እኽልና ኣብ ሓደ ዓውዲ፣ ደቕና ዕርዲ፣ ህዝብና ኣብ ሓደ መኣዲኡ። ዝፈላሊ ነገር የብልናን” ክብሉ ኣዕለሉማ። እዚ ኣበሃህላ'ዚ ክርዳድ ዘይብሉ ጸዕዳ ስርናይ ሞጒእ እዩ። ስለ'ዚ፣ በዚ ቅኔ እዚ ጥራይ'ኳ ሕውነትን ሓድነትን ህዝቢ ኤርትራ ክትገልጾ ትኽእል።

ካልእ መኸተ ኣንጻር ዝተፈላለዩ ወራራት ከመይ ከም ዝበረ ንምጽናዕ ሓደ ካብ ዕላማታት እዚ መጽሓፍ እዩ። ዋላ ደኣ ብሰፍሓት ኣይገለጽ እምበር፣ መኸተ ኣንጻር ወራር ሃጼ ዘርኣያዕቆብ፣ መኸተ ኣንጻር ወራር ራእሲ ሚካኤል ስሑል፣ መኸተ ኣንጻር ወራር ራእሲ ወልደስላሰ (ጨለቓጥ)፣ መኸተ ኣንጻር ወራር ሹም ዓጋመ ወልዱ፣ መኸተ ኣንጻር ወራር ደግያት እስቡጋደስ፣ መኸተ ኣንጻር ወራር ደግያት ውቤ፣ መኸተ ኣንጻር ወራር ሃጼ ዮሃንስ፣ መኸተ ኣንጻር ዘመናዊ መግዛእቲ ኢጣልያ፣ እናጠቐሰ ዝኸዱ መጽሓፍ እዩ። እዚ መጽሓፍ ሰፊድ ስለዝኾነ ብዙሓት ሰባት ክንብብዎን ክውንንዎን በቒዖም ኣለዉ።

**ይቕጽል**

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

ርሑስ በዓል ቅዱስ የውሃንስ ክኾነልኩም እናተመነና፡ ናይ ሎሚ መደብና ካብ ሰዓት 9:00 ንግሆ ዝጅምር ኮይኑ - ምሉእ ትሕዝቶኡ ነዚ ኣውደ-ኣመት ዘንጸባርቕ ማሰናድኣታት ከጠቓልል እዩ።





# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

## ብኸመይ ትጽሕፍ?

ሓንቲ በትትምህርቲ ናይ ሓንቲ ዓዲ ኣብ ኣመራ "መዓልቲ ሱጥቡብ" ብምውዳብ፡ ኣብ ሱጥቡብ ልዑል ኣበርክቶ ዝገበሩ ሰባት ዓዲማ ተማክሮኦም ከም ዘቶፍሉ ገበረት። ዊልያም ዚንሰር ዝተባህለ ጸሓፊ ድማ "ጽሒፈት ከም ሞያ" ከመይ ደርአ ኣብ ትሕቲ ዝደህሰስ ኣርእስቲ ተመኩሮኡ ከቶፍል ተዓደመ። ንሱ ከም ዝበሎ፡ ኣብቲ ዝተዓደመሉ ቦታ (በትትምህርቲ) ምስ በጽሐ ካልእ ዕዱም ጋሻውን ከም ዝበረ ፈለጠ። ጸሓፊ ናደዚ ዛንታዚ ዊልያም ቀንዲ ስም ናይቲ ካልኣዩ ዕዱም ክጠቅስ ስለ ዘይደለየ ዶር. ብሩኽ ንበሎ በሉ። ዶር. ብሩኽ ቐንዱ ሞያኡ ክኢላ መብጥሕቲ ኩይኑ ኣብ ቀረባ እዋን ምጽሓፍ ዝጀመረን ኣብ ገለ መጽሔታት ዓንቀጻት ዘሕተመን እዩ። ዶር. ብሩኽ፡ ምጽሓፍ ከም ተወሳኺ ስራሕ ወይ ንጥፈት ስለዝርእዩ፡ "ጽሒፈት ከም ማፍኾዒ" ኣብ ዝበል ኣርእስቲ ክዝረብ ተዓደመ። ክልቲ ሞያውያን ኣምባኣር ተዛዚዩቲ ብምኻን ኣብ ቀደሚ ብርክት ዝበሉ ተመሃሮ፡ መምህራንን ወለድን ቀረቡ። ኩሉ ተሳታፊ ድማ ብዘዕባዚ ዘወናውን ተመክሮ ምጽሓፍ ክሰምዕ ተሃንጢዩ ነበረ።

ዶር. ብሩኽ ደሚቕ ቀይሕ ዝሕበሩ ጃኬት ተኸዲኑ ነይሩ፣ ልክዕ ከምቲ ጸሓፍቲ ክመስልዎ ኣለዎም ዝበሃል ማሰሉ ድማ ነበረ። ቀዳመይቲ ሕቶ ናብኡ ቐረበት፤ ጸሓፊ ምዃን ንዕኡ እንታይ ማለት ምዃኑ ተሓተተ።

ኣዝዩ ኣዛናዩ ተግባር ምዃኑ ገለጸ፡ ካብቲ ከቢድ ስራሕ ኣብ ሆስፒታል ወጺኡ ናብ ገዛ ብምምራሕ፡ ብቖጥታ ኑታ ብጋዜ ዝሕበሩ መጽሓፊቱ ሰድ ኣልዒሉ ስምዒታቱ ብዋሕዚ ከም ዝጽሕፍ ገለጸ፡ ቃላት ሰቐ ኢሉም ከም ዝውሕዘሉ'ውን ሓበረ። ንምጽሓፍ፡ ቀሊል'ዩ ብምባል ገለጸ፡ ብግደይ ክዛረብ ዕድል ተዋህበ። ምጽሓፍ ቀሊልን ኣዛናዩን ኣይኰነን በልኩ። ብርቱዕን ብሒቱ ዝሕዝን፡ ቃላት ከኣ ሳሕቲ ጥራይ ብቐሊሉ ከም ዝውሕዙ ገለጽኩ።

ብምቕጻል ዶር. ብሩኽ፡ ደጋገምካ ምጽሓፍ ኣገዳሲ እንተ ኸይኑ ተመኩሮኡ ክገልጽ ተሓተተ። ፍጹም ኣይኰነን ክኣ በሉ፡ እቲ እትጽሕፎ ምለእ ሓሳባት ዘሰሓ ቕርጺ ይሓዝ፡ እቲ ጸሓፊ ስምዒቱ ሓንሳብ በቲ ባህርያዊ መንገዲ ክገልጾን ከውሕዞን ይኽእል'ዩ በሉ። ኣብ ምጽሓፍ ደጋገምካ ምጽሓፍ ከም ዘድሊ'ውን ሓበረ። ኣነ ክምልስ እንክለኹ፡ ደጋገምካ ምጽሓፍ ቀንዲ ባህሪ ናይ ምጽሓፍ ምዃኑ ገለጽኩ። ፕሮፈሽናላት ጸሓፍቲ ንምሉኣት ሓሳባቶም ደጋጊሞም ከም ዝጽሕፉዎም፡ ኑቲ ደጋጊሞም ዝጸሓፉዎ ኸኣ ደጋጊሞም ከም ዝጽሕፉዎ ሓበረ።

"ናይ ምጽሓፍ ሸውሃትካ ኣብ ዝርገጠሉ እዋንከ እንታይ ትገብር?" ቀጺላ ዝቐረበትልና ሕቶ ነይራ። ሕጂ'ውን ቀዳማይ ተሓታቲ ዶር. ብሩኽ እዩ። ምጽሓፍ ኣቋሪጹ፡ ወረቓቕቱ (መሳርሒታት ጽሕፈቱ) ንጉድኒ ኣቐሚጡ ንዙሓሽት መዓልቲ ከም ዝጸበ ገለጸ። እታ ሕቶ ናባይ ኣበለት። ሓደ ፕሮፈሽናል ጸሓፊ ቀንዲ ስርሑ ምጽሓፍ ስለ ዝኾነ፡ ግድን ዝቐየደሉ መደብ ክህልዎ ኣለዎ በልኩ። ወሲኸ፡ ምጽሓፍ ክእለት እምበር ጥበብ ኣይኰነን በልኩ። ስለዚ፡ እቲ ናይ ምጽሓፍ ሸውሃት የብለይን ብምባል ካብ ክእለቱ ዝሕብል ወይ ዝደም ጸሓፊ ነፍሱ ጥራይ እዩ ዝታልል ዘሎ። ብዙሕ ግዜ ኸኣ ናይ ምጽሓፍ ተበግሶኡ ክስበር እዩ ዝርአ።

"ጸቕጢ ደሲምካ እንተሎ ወይ'ውን ሕጉስ እንተ ዘይኰንካ'ኸ?" ክብል ሓደ ተመሃራይ ሓተተ። "እዚ ኣይጸልወካንዶ?"

ግድን ክጸልወካ እዩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ናብ ካልእ ንጥፈት ኣብል፡ ኬድካ ዓሳ ግፈፍ፡ ዘወር በል፡ ዝበል መልሲ ሃብ ዶር. ብሩኽ፡ ኣነ ግን፡ ምናልባት ከይጸልወካ ይኽእል'ዩ በልኩ። ስራሕካ መዓልታዊ ክትጽሕፍ እንተ ደኣ ኸይኑ፡ ከም ኩሉ ከም ዝተማሰጠ ክረኣ፡ ምጽሓፍ ከቢድ ምዃኑ ተሰዊጡዎ ከም ዘይፈልጥ ክኣ ገለጸለይ። ኣነ'ውን ብመልሰታቱ ኣመና ከም ዝተማሰጥኩ ገለጽኩሉ። ምጽሓፍ ቀሊል ምዃኑ ፈጺሙ ተሰዊጡኒ ከም ዘይፈልጥ ክኣ ገለጽኩሉ። ምናልባት፡ ከም ተወሳኺ መጥባሕቲ (surgery) ክመሃር ከድልየኒ'ዩ ድማ በልኩዎ።

እቶም ተመሃሮ፡ መልሰታትና ግር ከም ዘበሎም ርጉጽ'ዩ። እንተኾነ፡ ክልቲና ካልእ ዕዮ ብኸመይ መዓልታዊ ከም እትፍጽሞ ክትመሃር ጥራይ እዩ ዘሎካ ዝበል መረዳእታይ ኣቕረብኩ።


ካልእ ተመሃራይ ብወገኑ ናብ ዓለም ጸሓፍቲ ምእታውና ጠቓሚ ኩይኑዶ ረኺብናዮ እንተ ኾይኑ ክፈልጥ ሓተተ። ዶር. ብሩኽ፡ እዚ ሓድሽ ህይወት ጸሓፍቲ ኣመና ከም ዝማሰጦ ብምግላጽ፡ ብዙሓት ሰባት ንድርር፡ ሻሂ፡ ዕላል ከም ዝዕድምዎን ምስ ብዙሓት ዓበይቲ ጸሓፍትን ኣርታዕትን ከም እተራኸበን ገለጸ። ኣነ ግን ዝተፈልየ ርእይቶ'ዩ ነይሩኒ ወይ ዘሎኒ። ፕሮፈሽናል ጸሓፍቲ፡ ኣብ ነዊሕ ግዜ ዝሓትት ዕምም ዝተጸምዱ ባሕታውያን ብምዃኖም፡ ሳሕቲ እዮም ምስ ሰባት ወይ ምስ ከምኣቶም ጸሓፍቲ ዝራኸቡ ድማ በልኩ።

"ኣብ ጽሑፋትኩም ትእምርትነት (symbolism) ትጥቀሙዶ?" ሓቲተት ሓንቲ ተመሃሪት።

"ብዘቐልለ መንገዲ ክብሎ ዝኽእል እንተ ኸይኑ ኣይጥቀምን'የ" በልኩ። ከም ሰብ ዕሙቕ ዝበለ ወይ ዝተሓላለኸ መልእኽቲ ዘለዎ ሱጽሑፍ ኣብ ዘይምርዳእ ክበሩ ወሰን ኣለኒ ምባልኩ። ብዙሕ ካብቲ ብኸምዚ ዝጹሓፍ ጽሑፍ ከይተረድኣኩዎ እየ ዝተርፍ። ስለዚ፡ ክብሎ ንዝደሊ ብቐጥታን ብዘቐለለን ክብሎ'የ ዝፍትን።

"ትእምርትነት ኢፈቱ'የ" በለ ዶር. ብሩኽ፡ ቃላት ክፈትልን ክኣልምን እንከሎ ዝጥቀመሉ ትእምርትነት ንምግላጽ ድማ ወሰታታት ኢዱ እናሓወሰ ተዛረበ።

እታ ንግህ ብኸምዚ ሓለፈት። ንኽልኣትና ዘቃልዐት ድማ ነበረት። ኣብ መወዳእታ፡ ዶር. ብሩኽ ብዝሃብኩዎ መልሲ ኣመና ብምምጃእና ብዝዕባ ምጽሓፍ ዓለም ዝሰፍሐ መረዳእታ ከም ዝሓዘ ገይሩዎም እዩ። ሓዴና ቐረብ ነይሩ እንተ ዘሸውኑ ሓዲ ገጽ ናይቲ መረዳእታ ጥራይ ምሓዙ ነይርዎም።




ኣብ ሱጽሑፍ ወይ ሱጥቡብ ብሓፈሻ ቅኑዕ ዝበሃል ወጽእ ወይ ኣፍሱግልጽ መንገዲ የለን። እቲ ዕማም ብቐንዱ ባዕዳዊ ወይ ናይ ብሕቲ ብምኻኑ፡ ብመረዳእታ፡ ኣተሓሳስባ፡ ንቕሓት፡ ንባብ፡ ትዕዝብቲ፡ ተመክሮ፡ ፍልጠት፡ . . . ናይቲ ዘቐርቦ ሰብ ክጸሎ ግድን'ዩ። ኩሉም ዓይነት ጸሓፍትን ኩሉ ዓይነት ኣገባብን እዩ ዘሎ። እቲ ክትብሎ ዝደለኻ ብትኽክልን ብብቕዓትን ክትብል ዝሓገዘካ ኣገባብ ወይ መንገዲ ድማ ንዓኻ እቲ ቅኑዕ ኣገባብ እዩ። ኣብ ከመይ ትጽሕፍ'ውን ባዕልኻ ትፈልጥ። ገለ ሰባት ብግዜ ቐትሪ ምጽሓፍ ይበርህም፡ ገለ ኸኣ ብለይቲ። ገለ ሰባት ጸጥታ ይደልዩ ገለ ኸኣ ሬድዮ ወለም ይሰርሑ። ገለ ብኢዶም ይጽሕፉ፡ ገለ ብኮምፕዩተር፡ ገለ ኸኣ ክበልዎ ዝደልዩ ብድምጺ ብምቕራጽ/ ምምላእ። ገለ ሰባት ቀዳማይ ንድፊ ጽሑፎም ብምልኡ ኣሰፈርም ናብ ዳግመ-ምጽፋፍን ዳግመምጽሓፍን ይኣትዉ፤ ገለ ግን ኑታ ቐዳመይቲ ሕጡብጽሑፍ ምሉእ ብምሉእ ከየጻፈፉ ናብታ ካልኣይቲ ክሶጋሩ ኣይኽእሉን።

ኩሉ እዚታት ግን ተኣፋፍን ወጥረት ዝመልኦን ንጥፈታት'ዩ። ግዜን ኩነታትን መሪጽካ እቲ ክትብሎ ዝደለኻ ኣብ ወረቐት ምስፋር ቀሊልን ኣብ ሓጺር ግዜ ዝፍጸምን ኣይኰነን። ኩሉ ክትብሎ ዝደለኻ ከምቲ ዝደለኻዮን ዝሓሰብካዮን ኣይሰፍርን'ዩ። ስለዚ፡ ሓደ ኣገዳሲ ዕማም ኣብ ሱጽሑፍ ንምፍጻም፡ ብርዒ ሒዝካ ኣብ ቅድሚ ወረቐት ትቕወም፡ እቲ ኣብ ወረቐት ዝሰፈረ ምስሊ ናይቲ ጸሓፊ ድሙ ካብቲ ንኽጽሕፍ ኮፍ ኢሉ ዘሎ ሰብ ዝዩዳ ይዕጽ'ቕ። እቲ ብደሆ ድማ ብድሕሪቲ ሃቐነ ዘሎ ቅኑዕ ሰብ ምርካብ'ዩ። ኩሉ ሰብ ክጽሕፍ ስለ ዘይክእል።

ብመሰረቱ ሓደ ጸሓፊ ናብ ኣንባቢ ክሸጦ ዘለዎ ሓሳብ ወይ ፍርያት እቲ ዝጽሕፈሉ ዘሎ ሃፀ ዘይኩነስ እንታይነት ናይቲ ጸሓፊ እዩ። ኣነ ብዙሕ እዋን የገድስ'ዩ ኣለ ሓሰቦ ዘይፈልጥ ዓንቀጽ ወይ ጽሑፍ የንብብ እየ - ሱፍልጠት ጠቅስ ሃፀ ንኣብነት። እንተኾነ፡ እቲ ብዝገዓሸት ንሽንብብ ዓትዒቱ ዝሕዞ፡ ተገዓሸት ወይ ዉ ናይቲ ጸሓፊ ኣብቲ ዝጽሕፈሉ ዓውዲ እዩ። ክስዕ ክንደይ ኣብቲ ዝጽሕፎ ሃፀ ጥሑሉ ኣሎ? ከመይ ዝበለ ስምዒት ዝቕስቅስ ትሕዝቶ ሒዙ መጺኡ'ሎ? ክስዕ ክንደይከ ምስ ህይወቱ ኣዛሚዱዎ? ርኢኻ ብዘማስጦ ከተንብቦ ትኽእል።

እዚታት፡ ኣብ ማእከል ናይ ጸቡቕ ወይ ብቑዕ ዘይልቢ-ወለዳዊ ጽሑፍ ኣብ ምጽሓፍ ዘሎ ባዕዳዊ ሪጸሚ እዩ። ካብ ወሽጡ'ዚ ድማ ክልተ ኣገደስቲ ነጥብታት ክፈልቕ ይኽእል፤ ሰብኣዊ ርህራሀን ዝሁመትን (humanity and warmth)። ጸቡቕ ጽሑፍ ሓደ ኣንባቢ ካብ ሓደ ሕጡብጽሑፍ ናብቲ ኻልእ ንኽሰብል ዘኽእሎ ህይወት ዘለዎ ጽሑፍ እዩ። ኣብ ልዕሊ'ቲ ደሪሲ ኣቓልቦ ንምሕዳር ተባሂሉ ዝግበር ተግባር ከኣ ኣይኰነን። ብቐንዱስ ሓይልን ንጹርነትን ናይቲ ትጥቀመሉ ዘለኻ ቋንቋ ከቡልሕ ብዘኽእል መንገዲ ናይ ምቕራብ ሕቶ'ዩ።

ከምዚ ዝበለ መትከላት ክትመሃሮ እትኽእል ዲዩ? ንዝበል ሕቶ፡ እትመሃሮ ከይኰውን ይኽእል'ዩ። እንተኾነ፡ ዝበዝሕ ካብቲ መትከላት ክትመሃሮ እትኽእል እዩ።

ምህሃታት ሱፍልጠት ብዙሕ ነገር ቐይሩ'ዩ። ኣብዚን ኣብ ኩሉ ዓውዲ ቅልጡፍ ምዕባለ ዝተራእየለን ዝሓለፋ ዓመታት፡ ኮምፕዩተራት ንመሳርሒታት ታይፒን ኣብ ኮምፕዩተር ዘሎ ማሕደዚ ንመተሓሒፊ ወረቓቕቲ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኮምፕዩተር ዘሎ ኩሉ መሳጉም ንዕዮ ጽሕፈት ዝቐለለ ጌይሩዎን ብዙሕ ነገር ተኪኡን'ዩ። እንተኾነ፡ ነቲ ጸሓፊ ዝተክእ ምህዞ ግን የለን። እቲ ጸሓፊ፡ ካብ ጥንቲ ክስዕ ሕጂ፡ ካልኦት ሰባት ከንብብዎ ዝደልዩ ካብ ምጽሓፍ ኣይተቋረጸን።

ምንጪ፤ On Writing Well

## ቲፕ — ኣተኩሮ ዛንታ

ኩሉ ኣብ ጋዜጣ እንጽሕፎ ዜናዊ ዓንቀጻት ወይ ዘይልቢ-ወለዳዊ ጽሑፋት ብሓፈሻ ብጭብጢታት፡ ትዕዝብቲታት፡ ጥቕሲታት፡ ኣሃዛት፡ . . . ብዙሓዝ ሓበሬታ ዝተመልአ ክኸውን ኣለዎ። ቀደሚ ምጽሓፍካ፡ ኩሉ ግዜ ልዕሊ'ቲ ክትጥቀመሉ እትኽእል ሓበሬታ ኣኪብ። ኩሉ ዘድሊ ዘበለ ሓበሬታ ኣዋህልል። ደሓር ከም ኣኣድላዪኑ እናፈኸኻ ተጠቀመሉ። ኩሉ ዝኣከብካዮ ሓበሬታ ክትጥቀመሉ ኣይትቃለስ። ነቲ ዘድልን ቀንድን ኣለሊኻ ኣብኡ ኣተኩር። ካብ ሓበሬታ ውሒዱካ ክትመጠ እትህውትት፡ ሓበሬታ በዚሒኡካ ክትተፍዮ ክትቃለስ ይሓይሽ። ንሓደ ጽሑፍ ሓበሬታ ስለ ዝመላኣኻዮ ጥራይ ጸቡቕ ጽሑፍ ኣይኰውን'ዩ። ምውዳእን ምቕርጣውን ዝኣከብካዮ ሓበሬታ ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ። ገጻት ንኽትመልኣልካ ምህውታት ዝፃበየ ጸገም ጸሓፍቲ ምዃኑ'ዩ ዝጥቀስ። ውሑድ ሓሳብ፡ ውሑድ ሓበሬታ ሒዝካ ገጻት ክትመልእ ትቃለስ። ገጻትኺ ሕራይ መሊኡ፡ ግን እንታይ ሐዙ? ክብሉ'ዮም ኣንበብትኻ።

ጸዕቂ ሓበሬታ ዝሓዘ ዛንታ ክትርድኦ የጸግም'ዩ። ኣብ ወሰኑን ግዜን ገጻትን ኩሉ ነገር ክገልጽ ዘፍትን ጸሓፊ፡ ኣንባቢ ከይናግር ጥራይ እዩ ዝኸእል። ጸዕቂ ሓበሬታ ዘይኩኦስ ኑቲ ሓበሬታ ትርጉም ብዘለዎ መንገዲ ምቕራብ'ዩ ዘድሊ። ስለዚ፡ እቲ ቐንዲ ሓበሬታ እንታይ ምዃኑ ከተለሊ ኣሎካ። ምስ ቀድሚኡ ብምውሳብ ንመጸኢ ድማ ምእንዳት የድሊ። ዛንታኻ ኣብ ክሊ'ቲ ኣገዳሲ ፍጻመ ወይ ሓበሬታ ክህድር ኣለዎ።

ንጋዜጣ ክትጽሕፍ እንተ ኼንኻ፡ ደሩት ሰፍሓት ገጽ ኣሎ፣ ንሬድዮ ወይ ቲቪ እንተ ኼንካ ኸኣ ብግዜ ፈነው ትድረት። ከምኡ'ውን ኣንባቢ፡ ሰሚዒ ወይ ተኸታታሊ ጸቡቕ ዛንታ ምስ እተቐርበሉ'ዩ ግዜ ዝህቦ። እቲ ንሱዕ ጸሓፊ ንሱዕ መረጺ ወይ ኣፋዩ ሓበሬታ ደኣ'ምበር ንሱዕ ሰንዲ ሓበሬታ ኣይኰነን። ኑቲ ቐንዲ ሃፀ ወይ ፍጻመ ስሒትካ ኣብ ጎል መንገዲ ኩሉል ከይትብል ልዑል ጥንቃቐን ክእለትን ይሓትት። ዝኣከብካዮ ሓበሬታ ከም ኣኣገዳሲኡ ክትሰርዖን ኣገዳሲ ዝበሃል ሓበሬታ ከይትገድፍን ዝጋበር ቅልስ ከቢድ'ዩ። ንብዙሓት ጸሓፍቲ፡ ሓደ ካብቲ ዝዓበየ ብደሆ፡ ካብቲ ዝኣከብዎ ሓበሬታ ኣየናይ ኣእትየም ኣየናይ ይገድፉ ምውሳን'ዩ። እዚ ዝሕግዝ ሓደ ኣገባብ፡ ብመጀመርታ ሕመረት ናይቲ ዛንታ ኣጺርካ ምፍላጥ እዩ። ኑቲ ሕመረት ወይ ኣተኩሮ ምስ ኣለለኻዮ፡ ዝኣከብካዮ ሓበሬታ ከም ኣገዳስነቱ ኣብ ክሊ'ቲ ሕመረት ዛንታ ክትሃንጾ ትኽእል።

ሕመረት ናይቲ ዛንታ ክበሃል እንከሎ፡ "እዚ ዛንታዚ ብሓጺሩ ብዛዕባ እንታይ እዩ ዝገልጽ?" ዝበል ሕቶ ብምምላስ ክለለ ይከኣል። ሕመረት ዛንታ ንምርካብ ይበል መምህር ቺፕ ስካለን ዝተባህለ ሞያዊ፡ ሓሙሽተ ሕቶታት ምሕታት ይከኣል፤

- እቲ ፍጻመ እንታይ እዩ?
- እቲ ካብቲ ፍጻመ ዝድለ ዛንታኸ እንታይ እዩ?
- እቲ ምስሊ/ስእሊ እንታይ እዩ?
- ብኸመይ ብሸዱሽተ ቓላት ክትገልጾ ትኽእል?
- እንታይ'ሞ? (So what?)

ብዛዕባ ዝልሕም ዝበረ ባርዕ ሓዊ ክትጽሕፍ ደሊኻ ንበል። ምለእ መዓልቲ ሰባት ክትሓትትን ክትዕዘብን ወዒልካ። ብድሕሪዚ፡ ቀድሚ ክትጽሕፍ ምውሳንካ፡ ኣብዩ ከተተኩር ከም ዘለካ ትወሰን፡ ዚ ክትገብር፡ ሕመረት ናይቲ ፍጻመ እንታይ ምዃኑ ዳህስ። ሰብ ብዛዕባ'ቲ ፍጻመ ክፈልጥ ኣለዎ እትብሎ ቀንዲ ዛንታ እንታይ እዩ? ግዳያት? ዝጻነወ ንብረት? ጠንቂ ናይቲ ፍጻመ?

ካብዚ ናይ ባርዕ ሓዊ ፍጻመ ተበጊስና ኑታ ንሓደ ፍጻመ ጸሚቕካ "ብኸመይ ብሸዱሽተ ቓላት ክትገልጾ ትኽእል?" ንርአ፤

ሓዊ፡ ኣብይቲ እምበር መንፈስ ከሙ ኣይከኣለን።

# ስድራ-ቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## ጭንቀት ስድራ-ቤት ብኸመይ...

ኣብ ውሽጢ ስድራቤት ዝርአ ጭንቀት፡ ሓደ ካብ ማሕበራዊ ጸገማት እዩ። ንመላእ ስድራቤት፡ ሰላም ከሊኡ ኣብ ቀጻሊ ናዕብን ዕግርግርን ይሸሙ፣ ግዳይ ዘይተደልየ ጸገምን ዕግርግርን ድማ ትኸውን።

ኣብ ውሽጢ ስድራቤት ዝጋጥም ጭንቀት ብቐንዱ፡ ካብ ዘይምርድዳእ ወለዲ ማለት ኣቦን ኣደን ዝፍጠር እዩ። ምርድዳእ ናይ ኣቦን ኣደን ኣብ ዘለዋ ስድራቤት፡ ጭንቀት ቦታ የብሉን። ኩሎም ኣባላት ስድራቤት ብፍቕሪን ሕውነትን እናተኸባበሩ እዮም ዝነብሩ። ኣብ ጉዕዞ ሂወት ጸገማት ኪጋጥም ተፈጥሮኣዊ መስርሕ እዩ። እቲ ዘድሊ፡ ነቶም ጸገማት እዚኣቶም ክትሰዓረሉን ናብ ረብሓኻ ክትቕይረሉን ዘኽእል ውሽጣዊ ብቕዓት ምውናን እዩ። ብዘጋጥሙ ጸገማት ክትድሃልን ንምንታይ ኣጋጢሞም ክትብልን ኣይግባእን፣ ፊት ንፊት ገጢምካ ክትዕወተሎም ጥራይ እዩ ዘለካ። ካብ ጸገማትካ ክትሃድም ምፍታን ወይ ንጸገማትካ ክትገጥሞም ዘይምፍታን ግን ተሰዓሪ እዩ ዝነብረካ፣ ወዓልካ ሓዲርካ ተሰዓራይ ካብ ምኻን ኣይተምልጥን። ቀጺልና እነቕርበልኩም ጽሑፍ፡ ኣብ ሓዳር ብሰንኪ ዘጋጥም ጸገም ዝኸሰት ጭንቀት ዘተኩረ ክኸውን እዩ።

ዝተመርዓዉ ሰባት፡ ኣብ ሓዳሮም ጸገማት ኪጋጥሞም ንቡር ምኻኑ ክፈልጡ ጸቡቕ እዩ። ምኽንያቱ፡ ምስ እተፋቐሮ ሰብ - ሓዳር ገይርካ ማለት ኣብ ጉዕዞኻ ምስ መጻምድኻ ኣይትጉራፈጥን ኣይትኳረን ማለት ስለዘይኮነ፡ ክትጉራፈጥን ክትጋጨን ንቡር ምኻኑ ፈሊጥካ፡ ነቶም ጸገማት ብዘይጉዳእ ክትኣልዮምን መፍትሒ ክትረኽበሎምን እዩ ዘለካ። በዚ ኸኣ ነቶም ብቦግዒኡ ዝመጽኡ ብደሆታት ምስ መጻምድኻ ኲይንካ ብናይ ሓባር ምርድዳእን ምትሕልላይን ገጢምካ፡ ኣብ ረብሓኻ ተወዕሎም፡ ኣብ ሂወትካ እውን ኣገደስቲ ተመክሮታት ትቕስመሎም።

ኣብ መንጎ መጻምድቲ ዘጋጥሙ ብደሆታት ሓደ ዓይነት ኣይኮኑን። ስለዝኾኑ፡ ገሊኦም መጻምዲ በቲ ዘጋጥሞም ጸገም፡ ዓቕሎም ከጽብቡ፡ ተሰፋ ክቖርጹን ክሳብ ክጻወርዎ ዘይክእሉ ጥርዚ ጭንቀት ክበጽሑን ይርአዩ። በዚ ኸኣ፡ ብሓዳሮም ክጠዓሱን ክሳብ ኣብ ሓዳሮም ክቕጽሉ ዘለዎም ድሌት ኣብ ምልክት ሕቶ ከእትውዎን ይኽእሉ።

ኣብ ሓዳር ዝርአ ጭንቀት (Marit-tal ditstress)፡ ብቐሊሉ መዕለቢ ከምዘይርከቦ እዩም ክኢላታት ማሕበራዊ ጉዳያት ዝገልጹ። ቅልጡፍ ሞያዊ ምኽርን ኣሊያን እንተዘይረኺቦም ድማ፡ ዝጠዝሕ ግዜ ካብ ሕማቕ ናብ ዝኸፍአ እናማዕበሉ ከምዝኸዱ እዮም ዝሕብሩ። ዝምልከ ኣሊያን ምኽርን እንተረኸቡ ግን፡ እቲ ሓዳር ካብቲ ዝበሮ ጭንቀት ወጺኡ ናብ ዕግበትን ህድኣትን ዝመልአ ሓዳር ክምለስ ይኽእል እዩ። እዚ ዓይነት ለውጢ ከኣ፡ እቶም መጻምድቲ ኣብ ጉዕዞኦም እንክለዉ ባዕሎም ክገብርዎ ይኽእሉ እዮም። ዝጠዝሕ ግዜ ግን፡ ጸገማት ሓዳር ብሓገዝ ሰብ ሞያ ወይ ተመክሮ ብዘለዎም ኣብቲ ጉዳይ ሰባት እዩ ዝስተኻኸል።



ካብ ዓርከኻ ሓገዝ ወይ ምኽሪ ከም ዘድልየካ እትፈልጥ ግን መዓስ እዩ? መልሲ ዘድልዮ ኣገዳሲ ሕቶ እዩ። ነዚ ሕቶ እዚ ክትምልስ፡ ቀድም ክብደት ናይቲ ኣጋጢሙካ ዘሎ ጸገም ክትግምግም ይግባእካ። ኣብዚ ዓለም ‘ፍጹም ሓዳር’ ዘለዎም መጻምድቲ የለዉን። ትዕቢ ትንእስ ኣብ ሓዳሩ ጸገማትን ጭንቀትን ዘይብሉ መጻምዲ የለን። ስለዚ፡ ዳርጋ ነፍሲ-ወከፍ መጻምዲ ብዙሕ ሓዳሩ ካብ ገለ ሰባት ሓገዝ ወይ ምኽሪ ክረክብ ከምዘኽእል ምርዳእ የድሊ። ንኣብነት፡ ካብ ክኢላታት ማሕበራዊ መኣብር፡ ካብ ኣቦታውያን መጻምድቲ፡ ካብ ወለድኻ፡ ብውልቕኻ መጻሕፍቲ ብምንባብ . . ወዘተ ኣብ ሓዳርካ ንዘሎካ ጭንቀት እተውግደሉ ምኽርን ሓገዝን ክትረክብ ትኽእል። ካብ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ሰባት እትረኽቦ ምኽሪ ኩነታት ሓዳርካ ንምምሕያሽ ስለዝኸውን ብዕቱብ ርአዮም። ዋላ ዝሓሸ ሰላምን ፍቕርን ዘለዎ ሓዳር ይሃልኻ፡ ብዙሕ ሓዳር ተወሳኺ ምኽሪ ወይ ሓገዝ እትረኽበሉ መንገዲ ሃሰው ምባል ንዝምድናኻ መሊሱ ከምዝሐይሎ ተገንዘብ።

ኣብ ሓዳርካ ናይ ጭንቀት ተመኩሮ ምሕላፍ ግን፡ ካብ'ቲ ነፍሲ-ወከፍ መጻምድቲ ኣብ መዓልታዊ ጉዕዞ ሓዳሮም ዘሕልፍዎ ሳዕሊን ታሕቲን ጸገማት ዝተፈልየ እዩ። ኣብ ሓዳሮም ጭንቀት ዘለዎም መጻምድቲ ፍልይ ዝበለ ምልክታት ክትዕዘቦም ትኽእል ኢኻ። ንኣብነት፦

- ብዙሕ ሓዳሮም ዕግበት ኣይህልዎምን፣
- ኣብ ዝምድናኦም ዘፈጥረሎም ተሰፋ ምቑራጽ ቀልጢፉ ኣይኪደሎምን፣
- ሓያል ረጽሚ (ናይ ቃል ምምልላስን ሓያል ምጉብዕባዕን) ኣለዎም፣
- ብቐጻሊ ዘንጸብርቖዎ ባእሲ ፍጹም ኣብ ፍታሕ ኣየምጽኦምን፣
- ብውሽጦም ዝተባእኸ ስምዒት ስለዘህልዎም፡ ኣብ ከንዲ ባእሲ ‘ጎዕጎዕ’ ባህሪ የንጸባርቑ፣ - ኣብ ንሓድሕዶም ጸቡቕ ምግባር የቋርጹ፣
- ሓድሕዳዊ ምብህሃል ደብትኩ፣
- ነገራቶም ብቐጻሊ ካብ ሕማቕ ናብ ዝኸፍአ ይኸይድ።
- ፍታሕ ኣብ ዘይረኽቡ ክርክራትን መጉተን ብቐጻሊ ይኣትዉ፣
- ናይ ጸቡቕ ስምዒት ክሳራ የዘውትሩ፣
- ኣብ መንጎኦም ናይ ምሕዝነትን ተደላይነትን ዕድላት ይኸስሩ፣
- ጾታዊ ርክብ የቋርጹ፣
- ንሓድሕዶም ይነሻሸዉ፣
- ይነፃፃቑ፡ ማለት ምክብባር ኣይህልዎምን፣
- ኣብ ጉዳያት ናብራኦም የድሓርሕሩ (ሓላፍነት ኣይወስዱን)፣
- ገዛእ የዘውትሩ ... ዝበሉ ገለ ካብ'ቶም ሓዳር ኣብ ጭንቀት ምህላዉ ዝሕብሩ ኲይናም፡ እዚኣቶም፡ ኣብ ተኣፋፊ ደረጃ ስለዘለዉ፡ ቅልጡፍ መፍትሒ ክናደየሎም ዘለዎም እዮም።

ገለ ግዜ፡ ኣብ ሓዳር ዝርኣዩ ጸገማት፡ ጠንቆም እቶም ኣብ ዝምድናታት መጻምድቲ ዝርኣዩ - ከም ናይ ምብህሃል ድኑታት፡ ናይ ኣፈታትሓ ድኽማት፡ ምጉት፡ ጸገማት ጾታዊ ርክብ ወዘተ እዮም። እዞም ጸገማት እዚኣቶም፡ ዝጠዝሕ ግዜ በቶም መጻምድቲ ብቐሊሉ ዝሰገሩ ኲይናም፡ መዕለቢ ምስ ዘይረኽቡ ኑቶም መጻምድቲ ኣብ ጭንቀት ዝሸምምም እዮም። ንኣብነት፡ ምስ መጻምድኻ ብኸመይ ከም እትብሃሃሉን ትተሓጋገዙ፡ ከምኡ'ውን ርዝነትን ትርጉምን ሓዳር (መጻምድቲ) እንታይ ምኻኑ ብዕምቈት ካብ ዘይምፍላጥ፡ ምስ መጻምድኻ ኣብ ዘይተደልየ ክርክርን ባእስን ክትኣቱ ትኽእል ኢኻ፣ እዚ ቅልጡፍ መፍትሒ እንተዘይረኺቡ፡ ምስ ግዜ ኣብቶም መጻምድቲ ጭንቀትን ሓድሕዳዊ ዘይምጽውዋርን ከስዕብ ይኽእል።

ካልእ ግዜ እውን፡ መጻምድቲ ንቑሩብ እዋን ጸቡቕ ክነብሩ ይጸንሑ'ሞ - ብፍላይ ኣብቲ ናይ መጀመርያ ደረጃ ፍቕሮም - ኣብ ዝተናወሐ ግዜ ግን፡ ኣብ ጉዕዞ ሓዳሮም ኪጋጥም ንዘኽእል ጸገማት ወይ ብደሆታት ደሊዋት ብዘይምኳናም፡ ግዳይ ጭንቀት ይኾኑ። መጸናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ መጻምድቲ ኣብ ናይ መጀመርያ ሓዳሮም ብዙሕ ተኽእሎ ጸገማት ሓዳርን ፍትሕን ዘልዕሉ እንተ ደኣ ኲይናም፡ እቲ ወጥሪ ቈልዑ ክወልዱ ኣብ ዝጀምሩሉን ደቆም ኣብ ከትትና ደረጃ ኣብ ዝበጽሑሉን ግዜ ክይተረፈ ዝቐጽል ምኻኑ እዩ። እዚ ኸኣ ኣብ ፍቕርን ምርድዳእን ሓድሕዳዊ ሓልዮትን ምክብባርን ዘይተሰረተ ሓዳር፡ ወዓሉ ሓዲሩ ጠንቂ ጭንቀትን ውድቀትን ክኸውን ከምዝኽእል ዝሕብር እዩ። ኣብ ካልእ ግዜ እውን ኣብ ሓዳር ዘጋጥሙ ጸገማት ብቐጥታ ወጽኢት ውልቃዊ ጸገማት መጻምዲ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ንኣብነት ኣብ መንጎ መጻምድቲ ዓመጽ ምስ ዝህሉ፡ ኣብ ሓዳር ጸገም ክፈጥር ይኽእል እዩ። ከምኡ'ውን ሓዳር ብጸቡቕ ክነዓዘ ጸኒሑ - ሓደ ግዜ ካብ ሓዳር ወጻኢ ሓደ ጉዳይ ምስ ዘጋጥም፡ ኑቶም መጻምድቲ ኣብ ናይ ሓዳር ሸግር ከእትዎም ይኽእል። ስለ'ዚ፡ መጻምድቲ ኣብ ሓዳሮም ካብ ጭንቀት ሓራ ክወጽኡ እንተ ደኣ ኲይናም፡ ውልቃዊ ጠባዮምን ባህርያቶምን ምስ መጻምዶም ከምዝሰማማዕ ገይሮም ክሰርዕዎ ይግባእ።

ንምጥቕላል፡ ኣብ ሓዳር ዘጋጥም ጭንቀት፡ ኣብቶም መጻምድቲ ሓያል ጽልዋ እዩ ዘለዎ። ዝጠዝሕ ግዜ ድማ ናብ ዓቢ ሓዘ፡ ምሽጋር፡ ቀጻሊ ባእሲን ከም ጸቕጢ ዝኣመሰሉ ጸገማትን የኸትል። እንተዋዲሑ ከኣ ኣብ'ቶም መጻምድቲ ክሳብ ቀጥታዊ ኣካላዊ ጽልዋ የስዕብ። እቲ ግርጭት እንተሓየለ፡ ኣብ ቤተሰብ ከይተረፈ ጽልዋ የሕድር። ኑቶም ጭንቀት ኣብ ዘለዎ ሓዳር ዝዓብዩ ቈልዑ፡ ኣብ ስነኣእምሮኣዊ ጸቕጢን ካልእ ሸግርን የውድቖም። ኣብ ሓዳር ሓንሳብ ጭንቀት እንተ ደኣ ኣጋጢሙ፡ ኣብ ሂወት እቶም መጻምድቲ ጀሚሩ ዝበረ ዕበየት ከምዝንቁልቆል ስለዘዝብሮ፡ ቅልጡፍ ፍወሳ እንተዘይረኺቡ - ኣብ መውዳእታ ክሳብ ምፍልላይ ወይ ፍትሕ የሰዕቦም።

## ምስ ሓፍተይ ኣራኽቡኒ!



ሻለቃ ኢ.ርጋ ኢ.ርጋው ዲባባ

ኣቦይ ዘረሁን ጥኑዑህ እዮም ዝበሃሉ፣ ተቐማጢ ከተማ ኣስመራ። በዓልቲ ቤቶም ወ/ሮ ኣበባ ተስፋይ ናብ ኣዲስ ኣበባ ምስ ገሻ፡ ኣብ ጎረቤት ናይ'ቲ ዝኣተውኦ ገዛ፡ ወ/ሮ ቲጃ ኢ.ርጋ ኢ.ርጋው ዲባባ ምስ ዝተባህለት ኢትዮጵያዊት ኣደ ተላለያ። ወ/ሮ ቲጃ ኢ.ርጋ ኢ.ርጋው ዲባቡ ኣደይ ኣበባ ኤርትራዊት ምዃነን ምስ ፈለጠት እያ፡ ኑቲ ንልዕሊ ሳላሳ ዓመታት ኣብ ውሽጣ ዝሓዘቶ ዛንታ ከተዕልለን ወሲና።

ወ/ሮ ኣበቡ ኑቲ ዛንታ ምስ ሰምዓ፡ ብኸመይ ከም ዝሕግዛ ድሕሪ ምሕሳብ፡ ኑቲ ዘዘንተወትለን ሓብሬታ ምስ ስእሉ ኣሰንየን ናብ ኤርትራ ብምምጻእ፡ ብዓቕመን ክሕግዛኣን ክተሓባበርኣን ምዃነን ገለጻ።

ወ/ሮ ኣበቡ ኣስመራ ምስ መጽኣ ኑቲ ዛንታ ንበዓል ቤተን ኣቶ ዘረሁን ጥኑዑህ እየን ኣካፊለናኦም። ኣቦ ዘረሁን ዓሚል ኣንባቢ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ብምዃኖም፡ ኑቲ ሓብሬታ ብኸመይ ናብ ህዝቢ ይዝርግሕዎ ኣይሓርቡዮምን። ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ - ዓምዲ ስድራቤት ገይሮም ናብ ኣንበብቲ ክዝርግሕዎ መደቦም። ኑቲ ዛንታን ንዕኡ ዘሰነየ ስእሊን ሒዞም ድማ፡ ናብ ቤት ጽሕፈትና - ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ደየቡ። ንሕና ከኣ ከም ክቡር ጋሻናን ዓሚልናን ብዘሞዕእ ተቐቢልና፡ ኑቲ ዝተዘንተወልና ትሕዝቶ፡ ብመንገዲ ዓምዲ ስድራቤት፡ ብኸምዚ ዝስዕብ ናባኹም ከነብሎ ወሲንና።

ዓምዲ ስድራቤት ዝተጣፍኡ ስድራቤታት ኣብ ምርኻብ ንልዕሊ 14 ዓመታት ዝቐጸለ ኣበርክቶ ትገብር ዘላ ኩይና፡ ኣብ ውሽጢ'ዚ ዝተጠቕሰ ዓመታት፡ ብዙሓት ንልዕሊ 20-30 ዓመታት ዝተጣፍኡ ስድራቤታት ብምርኻብ፡ ማሕበራዊ ጸገማቶም ክፈትሓሉን ሓረግ ወለዶኦም ክፈልጡን በቒዖም እዮም። ወ/ሮ ቲጃ ኢ.ርጋ ኢ.ርጋው ዲባባ ድማ፡ ተመሳሳሊ ዕጫ ኪጋጥማ እናተተስፈና፡ ብቐጥታ ናብ'ቲ ኣቦይ ዘረሁን ዝሓበሩና ሓጺር ሓብሬታ ኑብለኩም፦

ኣብ ላዕሊ ከምዝተገልጸ፡ ወ/ሮ ቲጃ ኢ.ርጋ ኢ.ርጋው ዲባቡ ዜግነታ ኢትዮጵያዊት ኩይና፡ ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ እያ ትቕመጥ። ኣቦኣ ሻለቃ ኢ.ርጋ ኢ.ርጋው ዲባባ ዝበሃል ኩይኑ፡ ወተሃደር ደርግ ዝነበረ እዩ። ቅድሚ ናጽነት ድማ፡ ኣብ ኣስመራን ከረንን ተመዲቡ ይቕመጥ ነይሩ። ሻለቃ ኢ.ርጋ ኢ.ርጋው ዲባቡ ቅድሚ ናጽነት፡ ትዕገስቲ ኢ.ርጋ ኢ.ርጋው ዝተሰምየት ቈልዓ ካብ ኤርትራዊት ኣደ ወሊዱ ነይሩ።

ወ/ሮ ቲጃ፡ ካብ ቅድሚ ናጽነት ጀሚራ፡ ብዓቕማ'ኳ ደሃይ ሓፍታ እንተገበረት፡ ብሰንኪ'ቲ ሽው ዝነበረ ኩነታት ግን ኣይተዓወተትን። ክሳብ ሕጂ ከኣ፡ ነዚ ሓብሬታ ኣብ ውሽጣ ጸይራ፡ ክትጓዓዝ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ሕጂ ናብ ኣንበብቲ ዘርጊሓ ደሃይ ናይ'ታ ብስማ ጥራይ እትፈልጣ ትዕገስቲ ዝተሰምየት ሓፍታ ክትረክብ ብዙተሰፋ ትጽበ ኣላ።

ሓፍታ ትዕገስቲ ኢ.ርጋ ኢ.ርጋው ዲባቡ ዝተወለደትሉ ቦታ ኣስመራ ወይ ከረን ኩይኑ፡ እዋኑ ቅድሚ ናጽነት እዩ ነይሩ። ኣብ'ዚ ግዜ እዚ ከኣ፡ ብህይወት እንተደኣ ኣላ ኩይና፡ ዕድሚኣ ካብ መፋርቕ ሳላሳታት ንላዕሊ ኩይኑ ኣሎ።

ክቡራት ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ - ዓምዲ ስድራቤት፡ ወ/ሮ ቲጃ ኢ.ርጋ ኢ.ርጋው ዲባቡ ደሃይ ሓፍታ ትዕገስቲ ኢ.ርጋ ኢ.ርጋው ዲባብ ክትረክብ ብሃንቀውታ ትጸበ ኣላ እሞ፡ ሎሚ'ውን ከም ቀደምኩም፡ ሓብሬታ ምስ ዝህልወኩም፡ ብቀጽሪ ቴሌፎናት 07224921፣ 07539532 ወይ ብ116266 ደዊልኩም ክትሕብሩ ብኣኽብሮት ንዘኻኽረኩም።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ፦ ኣሕምልትን በርበረን
ዓዳጊ፦ ጨ/ትም/ዞባ ጋሽ ባርካ ኣሕደርቲ ኣብያተ ትምህርቲ ጎኑ፡ ኣቑርደት፡ ፎርቶ፡ ከርከበትን ሰሚ ቦርዲን ርብዳን
ኣርእስቲ፦ ውዕል ዓመታዊ ቀረብ መግቢ
ኣገባብ ዕድጊ፦ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)
ጨ/ትም/ዞባ ጋሽ ባርካ ንዓመተ ትምህርቲ 2024 ካብ ዕለት 01/01/2024 ክሳብ ዕለት 31/12/2024 ናይ 10 ወርሒ ንተመሃሮ ኣሕደርቲ ኣብያተ ትምህርቲ ጎኑ፡ ኣቑርደት፡ ፎርቶ፡ ከርከበትን ሰሚ ቦርዲን ርብዳን ንመግቢ ዝውዕል ኣሕምልትን በርበረን ቀረብ መግቢ ከሳግርት ስለዝደለየ፡ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።

ዝርዝር

1. ጨ/ትም/ዞባ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ኣሕምልቲን በርበረን) ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሉም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተሳተፍቲ ቅዳሕ ናይ ዓመተ 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመተ 2022 ክሊራንስን (ግብሪ ዝኸፈሉሉ) ቅዳሕ የቕርቡ።
4. ተሳተፍቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤ/ጽ/ጨ/ትም/ዞባ ጋሽ ባርካ ኣብ ናይ ስራሕ ግዜ ብቑጽሪ ቴሌ.731216 ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተሳተፍቲ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 (ሓምሳ ናቕፋ) ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ጨረታ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ዕለት 04/10/2023 ሰዓት 12፡00 ድ.ቀ ትሪ ክቕረብ ኣለዎ። ድንጒዩ ዝቐረበ ጨረታ ይንጸግ። ጨረታ፣ ተሳተፍቲ ወይ ወከልቶም፡ ብዘውሳኺ ጨረታ ክዕዘቡ ዝደልዩን ክፉት ኮይኑ ኣብ ኣዳራሽ ቤ/ጽ/ጨ/ትምህርቲ ዕለት 04/10/2023 ሰዓት 12፡00 ድ.ቀ ብግልጺ ይኽፈት።
7. መኽበሪ ጨረታ 50,000.00 ናቕፋ (c.p.o) ተሰንዩ ክቐርብ ኣለዎ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምም/ንብረት መንግስትን ብዘኣዝዞ ይካየድ።
9. ጨ/ትም/ዞባ ጋሽ ባርካ፡ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉኡ ክሰርዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ቤ/ጽ/ጨ/ትም ዞባ ጋሽ ባርካ
ቴሌ.731216/731043 ባረንቱ

## ምልክታ ጨረታ

ዓይነት መግቢ፡ ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ስጋ ከብቲ ስጡይ፡ ስጋ ጠል ምስ ዓጽሙ፡ እንቋቝሖ ሆላንድ ፍሩይ፡ ጸባ ከብቲ፡ ዝተቓመመ በርበረ፡ ጨው፡ መጥሓኒ እኽሊ፡ ፀንጨይቲ
ኣካዪ፦ጨ/ሚ/ጥዕና ዞባ ጋሽ ባርካ
ኣርእስቲ ውዕል፦ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ
ዓይነት ጨረታ፦ ሃገራዊ ክፉት ጨረታ
ጨ/ሚ/ጥዕና ዞባ ጋሽ ባርካ ንዓመተ 2024 ዓ.ም ካብ ወርሒ 01/01/2024 ክሳብ 31/12/2024 ዓ.ም ኣብ ትሕቲኡ ንዝርከብ ሆስፒታላት (መወከሲ ሆስፒታል ባረንቱ፡ሆስፒታል ኣቑርደት፡ ሆስፒታል ተሰነይ፡ ቤት ትምህርቲ ተሓጋገዝቲ ነርስ ባረንቱ) ንሕሙማትን ተመሃሮን ኣገልግሎት ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከሳግርት ስለዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ መግቢ ይዕድም። (ናይ ጨረታ ቅጥዒን ሓበሬታን ካብ ኩሉ ወከፍ ሆስፒታላት ክወስዱ ይኽእሉ።)

ተሳተፍቲ ከማልእዎም ዘለዎም ነጥብታት፦

1. ጨ/ሚ/ጥዕና ዞባ ጋሽ ባርካ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ስቡሒ ዘይበዝሖ ስጡይ ስጋ ከብቲ፡ ስጋ ጠል ምስ ዓጽሙ፡ እንቋቝሖ ሆላንድ ፍሩይ፡ ጸባ ከብቲ፡ ዝተቓመመ በርበረ፡ ጨው፡ መጥሓኒ እኽሊ፡ ፀንጨይቲ) ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ፡ ንኹሉም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተሳተፍቲ ቅዳሕ ናይ ዓመተ 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመተ 2022 ክሊራንስ ናይ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር መንግስቲ የቕርቡ።
4. ተሳተፍቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤ/ጽ ጨ/ሚ/ጥዕና ዞባ ጋሽ ባርካ (ኢያሱ ሃብተ ቁ.ቴሌ.731339) ናይ ጨረታ ሓበሬታ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተሳተፍቲ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100.00 (ሚእቲ ናቕፋ) ከፊሎም ክወስዱ ይግባእ።
6. ጨረታ፡ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ንመወከሲ ሆስፒታል ባረንቱ፡ ቤ/ት ተ/ነርስ ባረንቱ፡ ሆስፒታል ኣቑርደትን ሆስፒታል ተሰነይን ንዕለት 05/10/2023 ሰዓት 9፡45 ቅ.ቀ ክበጽሕ ኣለዎ። ድንጒዩ ዝቐረበ ጨረታ ይንጸግ። ጨረታ፣ ተሳተፍቲ፡ ሕጋውያን ወከልቲን ክሳተፍ ዝደለ ሰብን ስዑሰርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኸብሉ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ናይ ሆስፒታል መሳርሒ ቦታ ይኣቱ። ልክዕ ኣብ ዝተጠቕሰ ዕለታት ሰዓት 10፡00 ቅ.ቀ ጨረታ ብግልጺ ይኽፈት።
7. መኽበሪ ጨረታ ዝምለስ ንፍሲ ወከፍ ኣሳራሒ ትካል ጥዕና ንኣሕምልትን ፍረታትን ስጋን ቢን 20,000.00 ናቕፋ። እንቋቝሖ፡ በርበረ፡ ጸባ ፡ ጨው፡ መጥሓኒ እኽሊ፡ ፀንጨይቲ 5,000 ናቕፋ ብሲፒኦ (cpo) ክትሕዙ ይግባእ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘኣዝዞ መሰረት ይካየድ።
9. ተሳተፍቲ ነቲ ዝተዓወትሉ መግቢ ብናቱ መጉዓዝያ፡ ናብ ዝተዓወትሉ ሆስፒታላት የቕርብ።
10. ጨ/ሚ/ጥዕና ዞባ ጋሽ ባርካ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ጨ/ሚ/ጥዕና ዞባ ጋሽ ባርካ ቁ.ቴሌፎን 731210 (ሆስፒታል ባረንቱ 731143)
ቤ/ት ተሓጋገዝቲ ነርስ ባረንቱ 731339

## ምልክታ ጨረታ

ወንጌላዊት ሉተራዊት ቤተክርስትያን ኤርትራ፡ ዝተልገለ ንብረት ብዘለዎ ኩነታት ኣሳሪታ ክትሸይጥ ስለ ዝደለየት፣ ግዱሳት ትዕድም።
ንጨረታ ቀሪቡ ካብ ዘሎ ዝርዝር ንብረት ቀንዲ ቀንዲ ንምጥቃስ፡ ዘተልገለ ኮምፕረሰርን መልሓሚ ማሽናትን፡ መቑረጺን መዕጸፍን ላሚራ፡ ዝተልገለ ዓይነትን ንኣሽቱን ፎቶ ኮፕየራትን ፕሪንተራትን፡ ፍርጃትን ፎርኖ ናይ ክሽነ፡ ዝተልገለ ሓጹብቲ ክዳን፡ ዝተልገለ ዚንግን ጐረንዳዮን ካልእ ንብረትን እዩ። ምሉእ ዝርዝር ዝሳተፍ ንብረት፡ ገዘ ከሻሻ ካብ ዝርከብ ማእከላይ ቤትጽሕፈት ወሉ.ቤ.ክ.ኤ ምውሳድ ይከኣል።

<u>ተሳተፍቲ ከማልእዎ ዘለዎም መማዘዚታት</u>

1. መኽበሪ ጨረታ 10,000 ናቕፋ ኣቐዲሞም የትሕዙ።
2. ብዓይነት ተፈልዩ በጠጀለሉ ቀሪቡ ዘሎ ንብረት ነንበይኑ ይሳተፉ።
3. ዕዉት ተሳታፊ ዘትሓዞ ገንዘብ፡ ኣብቲ ዝኸፍሎ ዋጋ ንብረት ይሕሰብ።
4. ዘይተዓወቱ ተሳተፍቲ ዘትሓዝዎ ገንዘብ ድሕሪ ጨረታ ይምለሶም።
5. ዕዉት ተሳታፊ እተዓወተሉ ንብረት ኣብ ውሽጢ 3 መዓልቲ የልዕል።
6. ጨረታ ዝካየደሉ ቦታ፡ ኣብ ሰምባል ጥቓ ኩብንያ ህንጻ ብድሆ ዝርከብ መኽዘን ወሉ.ቤ.ክ.ኤ ይኸውን።
7. ኩነታት ንብረት ዕለት 14 መስከረም 2023 ቅ.ቀ ክይድካ ምርኣይ ይከኣል።
8. ብዕዉታት ተሳተፍቲ ዝመጽእ ጣዕሳ ይኹን ምኽንያታት ተቐባልነት ኣይህልዎን።
9. ጨረታ ዝካየደሉ ዕለት 21 መስከረም 2023 ሰዓት 9.00 ቅድሚ ቀትሪ እዩ።
10. ቤት ጽሕፈትና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ብጨረታ ኣይግደድን።

ቤት ጽሕፈት
ወንጌላዊት ሉተራዊት ቤተ ክርስትያን ኤርትራ

## ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ (ኣስቤዛ፡ ጨው. . .ወዘተ)
ዓዳጊ፦ ኮለጅ ሕክምናን ስነፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፡
ኣገባብ ዕድጊ፡ (ክፉት ጨረታ ሃገራዊ)
ኮለጅ ሕክምናን ስነፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፡ ንዓመተ (2024) ካብ ወርሒ ጥሪ (01/01/2024) ክሳብ ወርሒ ታሕሳስ (31/12/2024) ንተመሃሮ ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከሳግርት ስለዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።

1. ኮለጅ ሕክምናን ስነፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፡ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ኣስቤዛ. . .ወዘተ) ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሉም ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተሳተፍቲ ቅዳሕ ናይ ዓመተ 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመተ 2022 ክሊራንስን፡ መንነትን የቕርቡ።
4. ተሳተፍቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ኮለጅ ሕክምናን ስነፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፡ ክፍሊ ዕድጊ 163467/163834 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተሳተፍቲ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ጨረታ ኣብ ኣብዚ ታሕቲ ተዘርዚሩ ዘሎ ኣድራሻ ዕለት 03/10/2023 ሰዓት 10፡00 ቅ.ቀ ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ። ድንጒዩ ዝቐረበ ጨረታ ይንጸግ። ጨረታ፣ ተሳተፍቲ ሕጋውያን ወከልትን ክሳተፍ ዝደለ ሰብን ስዑሰርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኸቡሉ፡ ኣብ conference Room ቁ.109 ዕለት 03/10/2023 ሰዓት 10፡00 ቅ.ቀ ብግልጺ ይኽፈት።
7 . ጨረታ ብመኽበሪ ጨረታ (Bid Security) (cpo) ንኣሕምልቲ 200,000.00 (ክልተ ሚእቲ ሽሕ) ክሰነ ኣለዎ።
8. ጨረታ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘኣዝዞ መሰረት ይካየድ።
9. ኮለጅ ሕክምናን ስነፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኮለጅ ሕክምናን ስነፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ
ኣስመራ ኤርትራ
ቁ.ቴሌ.163834



## ሓበሬታ

- ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ፡ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ - ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ 8፡00 -12፡00፣ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ፡ ብቁ. ስልኪ 110179 ደውሉ።
ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-Mail; bidhonational@gmail.com
ሰቐታ ጎዳኢ እዩ - ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ።

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ዞባ ማእከል፡ መዳለዊ ውድድር ቅድድም ብሽክለታ ተኻይዱ

ብምኽንያት መዳለዊ ዙር ዞባ ማእከል ቅድድም ብሽክለታ፡ ብሰንበት 10 መስከረም ኣብ ጎደና ኣፍዓበት ከቢ. እንዳማርያም ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር ተኻይዱ።

ተቐዳደምቲ ኢሊትን ትሕቲ 23 ዓመትን 100.8 ኪሎሜተር ክሸፍኑ እንከለዉ፡ ክልተ ናይ ነጠቢ. ናይ ኢንተርሚደይት ቅጽበታዊ ውድድር ተሰሪዑሎም ነይሩ። መትከል ጉብረንክሱ፡ ሚሮን ተኾመ፡ ናህም መጥዛን ንቀዳመይቲ ኢንተርሚደይት ዝተዓወቱ ክኾኑ እንከለዉ፡ ሳሚኤል ምስየኽ፡ ናትናኤል ሚካኤል፡ የውሃንስ ኣፈወርቂ ከኣ ንካልኣይቲ ተዓዊቶምሉ።

ኣብ መወዳእታ ኣብ ዝተኻየደ ሓያል ቅጽበታዊ ውድድር ደማ፡ ናይ ወልቂ ተቐዳዳማይ የናታን ኪዳ ንግባይ ጉጅለ ብምጥቃዕ ብጸቢብ ተዓዊቱ። እግሪ እግሩ ከኣ፡ ፊሊሞን ፍስሃየ - ሰምበል፡ ኣሌክሳንደር ኢሳቕ ብወልቁ፡ መዋኢል ግርማይ - ደንደን ተሰፋም ዑቕባማርያም ብወልቁ፡ ዓወት ክብሮም - ኣስቤኮ፡ ሳይሞን ገዜ. - ሰምበል፡ ጳውሎስ ጉብረማካኤል - ደንደን፡ ኢሳይያስ ወዛብ ብወልቂ ክሳብ 10ይ ኣትዮም።

ናይ 69.3 ኪሎሜተር ኣብ ዝሸፈና ተቐዳደምቲ ደቂ-ኣንስትዮ፡ የርዳኖስ ርእሶም - ደንደን ንመወዳደርታ ፊልያ ክትሰዕት እንከላ፡ ጋል ጋንታኣ ኣድያም ዳዊት ሰዒባታ። ቅሳነት ወልደሚካኤል ሰራዮርሳዋብርኸቲ ፍስሃየ - ጋዛፍሓ፡ ፊቨን ሃይለ - ሰራዮርሳዋ፡ ሞናሊዛ ኣርኣያ - ጋንታ ደቡብ፡ ሸዊት ሃብቶም - ሰራዮርሳዋ፡ ዊንታ የማን - ጋንታ ደቡብ፡ ኤልዳና በረኸት ኣብ (ደንደን)፡ ርዚና ብርሃ - ዓራግ ከኣ፡ ክሳብ 10ይቲ ብምእታው ነጠቢ. ኣመዝጊበን።

ተቐዳደምቲ ጁንየር ደቂ ተባዕትዮ'ውን ቀዲሞም 78.9 ኪሎሜተር ሸፊኖም ነይሮም። ናይ ወልቂ ተቐዳዳማይ መሪሕ ቢተየው ከኣ ዕወት ኮይኑ፡ ኢርሚያስ ዑቕባይ - ኢሪተል፡ ርቤል ዳዊት - ሰምበልማሮን ምስየኽ - ደንደን፡ ዳንኤል ርእሶም - ጋንታ ደቡብ፡ ሳሚኤል ሓየለም - ኢሪተል፡ ሰም እዮብ - ኣስቤኮ፡ ተኽሉ ርእሶም - ሰምበል፡ ሄርሞን ኢሳቕ - ጸጋዎት፡ ኢቫን ርቤል - ጋንታ ደቡብ ክሳብ ዓስራይ ዝሎ ደረጃ ምምቃሎም፡ ህዝባዊ ርክባት ናይ'ቲ ፌደረሽን ሓቢሩ።



## ሳውዝጌት፡ ንዎከር ክልተ ግዜ ከምዝመለሶ ገሊጹ

ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ጋረዝ ሳውዝጌት፡ ንተኸላኻሊ ናይ'ታ ሃገራዊት ጋንታ ካይል ዎከር ኣብ ኣህጉራዊ ውድድር ጥሮታ ካብ ምውጻእ ክልተ ግዜ ከምዝመለሶ ተዛሪቡ።



ካይል ዎከር፡ ክልተ ግዜ - ድሕሪ ዋንጫ ኤውሮጳ 2020 ከምኡ'ውን ዋንጫ ዓለም 2022 ጥሮታ ክወጽእ ሓሲቡ ምንባሩ ይገልጽ። ይኹን'ምበር፡ ሳውዝጌት፡ ማልያ ሃገሩ ምልባስ ከቋርጽ ኣእሚንዎ እዩ። "ክልተ ግዜ - ድሕሪ ዋንጫ ኤውሮጳን ዋንጫ ዓለምን ካብ ኣህጉራዊ ውድድር ጥሮታ ካብ ምውጻእ መሊሰዮ እየ።" ዝበለ እዚ ዓሳሚ፡ "ከም ዝመስለኒ ኣብ'ዚ ምቕጻሉ ይፈትዎ እዩ፡ ሕጂ ከኣ ክንደይ ጸወታታት ከከይድ እዩ ዝሓብስ ዘሎ።" ኢሉ።

ሳውዝጌት ብዘይካ'ዚ፡ "ዎከር፡ ንጹር ውሳኔ ተጻዋታይ እዩ። ኣብ'ዛ ጋንታ ኣብ'ቲ ንሱ ዝሰለፈሉ ቦታ ዝበለጸ ብቕዓት ዘለዎም ተጻወትቲ ንዝረብ እንተዘሊና፡ ምናልባት ንሱ ሓደ ካብኣቶም እዩ። ክሳብ ክንደይ ንዳና ኣገዳሲ ተጻዋታ ምዃኑ ግና ኣይተረድኣዎምን ኣሎ መስለኒ።" ክብል፡ ኣገዳሲ ተጻዋታይ ምዃኑ ኣረዲኡ።

እዚ ፈጣን ናይ የማን ክንፊ ተኸላኻሊ ብወገኑ፡ ጥሮታ ክወጽእ ዝደለየሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ ኣብ'ቲ ዝሰለፈሉ ቦታ ተፈጠሩ ብዙሎ ዓቢ ውድድር ምዃኑ እዩ ገሊጹ። "ከም ኣርኖድ፡ ትሪፐር፡ ሪስ ጀማሰን ኣለዉ፣ ናይ ምስላፍ ተኽእሎኻ ዝውሕድ ኮይኑ እዩ ዝስመዓኒ። እንተኾነ ምስ ሳውዝጌት ጸቢቕ ርክብ/ዝምድና ኣለና፣ ብርግጽ'ውን ንዘራረብ ኢና። ሕጂ ኸኣ ኣብ'ዛ ጋንታ ገለ ነገር ከበርክት ዝኽእል ኮይኑ እዩ ዝስመዓኒ። ስለ'ዚ ንምንታይ ደው የብል?" ክብል፡ ኣሰልጣኒኡ ከምዝመለሶ ኣረዲኡ።

ዎከር፡ ኣብ 2011 ኣብ ትሕቲ 21 ዓበይቲ እዩ ንፋልማይ ግዜኡ ማልያ ዓባይ ሃገራዊት ጋንታ ለቢሱ ተጻዊቱ። ይኹን'ምበር፡ እቲ ዝበዝሐ ናይ ምስላፍ ዕድል ዝረኸበሉ፡ ሳውዝጌት መዚኑ ድሕሪ ምቕባሉ እዩ - ኣብ 2016። ዝሓለፈ ቀዳም ንመበል 77 ግዜኡ ማልያ ሃገሩ ዝለበሰን ኣብ'ታ ምሸት ኣብ ልዕሊ ዩክሬይን ቀዳመይቲ ኣህጉራዊ ሸቶኡ ዘመዝገበን እዚ ወዲ 33 ዓመት ብሉጽ ተኸላኻሊ፡ ሎሚ ኣንጻር ስኮትላንድ ኣብ ዝካየደዋ ናይ ምሕዝነት ጸወታ መበል 78 ግጥሙ ክሰላሰል ትጸበ.ት ይግበር።

## ውድድር ሓይልታት ምክልኻል . . .

ስፖርታዊ ውድድር ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ብሰንበት ብኩዕሶ መርገብ ብኽልተኡ ጾታ ምቕጻሉ፡ ህዝባዊ ርክባት ናይ'ቲ ውድድር ሓቢሩ።

ኣብ ሜዳ ግራንድ ሆቴል ዝሰላሰል ዘሎ እዚ ዓውደ ስፖርት፡ ፈለማ ጋንታታት ናይ ደቂ-ኣንስትዮ - ሳዋን በፈርን ብዝተደአ ጸወታ እዩ ተኸፊቱ። ሳዋ ከኣ 2-1 ተዓዊታ። ሰሓቢ. ምንቅስቓስ እተራእዮ ግጥም ሽዑሳን ክንፊን ደማ፡ ብዩወት ክንፊ 2-0 ተዛዚሙ።

ኣብ ደቂ-ተባዕትዮ፡ ሳዋ ንበፈር 3-0 ክትስዕራ እንከላ፡ ኣብሊታ መድሃኔ ኣብርሃምን ፊሊሞን ሙልጌታን ብሉጻት ተጻወትቲ ተጸዊያም። ሽዑላ እውን ንክንፊ ብዘተመሳሳሊ. ውጽኢት ኣፋንያታ።

## ሓጸርቲ ዜናታት

* ዝመጸእ ወርሒ. ኣብ እትዕደል ሽልማት ባሎን ድ`ኦር፡ 'መሲ. ዶ ሃላን' ኣብ ዝበዛለሉ ዘሎ ግዜ፡ ዓላሚ ሃገራዊት ጋንታ ኖርወይ ምስ መሲ. ምውጋኑ፡ ንበዙሓት ወገናት ኣገሪሙ።

እዚ ንሃላንድ ዓላሚኡ ዝኾነ ስታል ሶልባከን ዝስሙ ኣሰልጣኒ፡ "መን ይዕወት ኢልካ ትሓስብ ኢልካ እንተሓቲትካኒ፣ ሳላ ዋንጫ ዓለም መሲ. ክዕወት እዩ ምብልኩኻ። ሕጂ'ውን ጽልዋ ኣለዎ።" ክብል መሊሱ። ሃላንድ፡ ዝሓለፈ ቀዳም ነዛ ሽልማት ክዕውተላ ዕድል ከምዘለዎ ክዝረብ እንከሎ፡ ብመንጽሩ መሲ፡ ዛጊት ዝኾነ ቃል ኣየምለቐን።

* ኖባክ ጆኮቪች፡ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ፍጻመ ጸወታ ባይታ ተኒስ ዩኤስ ኦፕን ንሩስያዊ መዘናኡ ዳኒል መድቨደቭ ብምስዓሩ፡ መበል 24 ናይ ግራንድ ስላም ዋንጫ ኣልዒሉ።

በዚ ኸኣ፡ እዚ ወዲ 36 ዓመት ብሉጽ ተጻዋታይ፡ ኣብኦም ግራንድ ስላም ዝጽውዑ ውድድራት ማለት ኣውስትራልያን ኦፐን፡ ፍረንች ኦፐን፡ ዊምብልደንን ዩኤስ ኦፐንን ዝበዝሐ ዝተዓወተ ኮይኑ መሪሕነቱ ኣደልዲሉ። ኣብ ዝሓለፈ ዕቑድ መቐናቕንቱ ዝነበሩ ራፋኤል ናዳልን ጥሮታ ዝወጸ ሮጀር ፌደረርን ከኣ፡ ብቐደም ተኸተል 22ን 20ን ግዜያት ዝተፈላለዩ ናይ ግራንድ ስላም ጸዋኣት ብምልዓል ይስዕብዎ።

## ቅነ ስፖርት እዚ ክፍለ ሰራዊት 84 ቀጺሉ

ኣብ ሜዳ ቤት ገርግሽ ዝካየድ ዘሎ ስፖርታዊ ውድድር እዚ. ክፍለ ሰራዊት 84፡ ዝሓለፈ. መዓልታት ቀጺሉ ነይሩ።

ቀዲመን ዝተጋጠማ ጋንታታት ኩዕሶ እግሪ ደቂ-ተባዕትዮ፡ ባርዕን ቡናን ነይረን። ኣብ ክልተኡ እብረ. ሸቶ ኣይተራእየን፡ 0-0 ተፈላልየን። ሰዒባ ዝተኻየደት ጸወታ ኣስሙድን ባርዕን እውን ብተመሳሳሊ. ውጽኢት ተዛዚማ።

ኣብ ኩዕሶ መርበብ፡ ስዒት ንኣስሙድ 3-0 ክትስዕራ እንከላ፡ ቡና ከኣ ንባርዕ 3-1 ሰዒራታ። ተጻዋታይ ቡና ሰዓረ ኣብርሃ ድማ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ምጽውዑ፡ ጸብጻብ ናይ'ቲ ውድድር የረድእ።



## ቸልሲ፡ ብመጉዳእቲ ላቪያ ትሰግእ

እንግሊዛዊት ክለብ ቸልሲ፡ ሓዳሽ ተጻዋታያ ሮመዮ ላቪያ ኣብ ልምምድ ብሰንኪ. ዘጋጠሞ ናይ ዓንካር ዓንካራት መጉዳእቲ፡ ንሽዱሽተ ሳምንቲ ከይትኸስር ሰጊኣ ምህላዋ ተሓቢሩ።

ላቪያ፡ ኣብ'ዛ ወቅቲ ናብ ቸልሲ. ድሕሪ ምጽምባሩ፡ ኣካላዊ ብቕዓቱ ንምምሕያሽ ክሰርሕ ብምጽናሑ፡ ዛጊት ኣብ ዝኾነ ይኹን ጸወታ ኣይወከለን። ዝሓለፈ. ሓሙስ ግና፡ ኣብ እዋን ልምምድ ብሰሪ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ፡ እንተውሓደ ንሓደ ወርሒን ክልተ ሳምንቲን ኣብ ናይ ተሃድሶ ግዜ ከሕልፎ ከምዝኽእል ይግለጽ ብምህላዉ፡ ቸልሲ፡ ክሳብ ወርሒ. ጥቅምቲ ከይትኸስሮ እያ ተሸቐሪራ ዘላ።

ወዲ 19 ዓመት ትስፉው ኣከፋፋሊ. ዝኾነ ላቪያ፡ ብ58 ሚልዮን ፓውንድ እዩ ካብ ሳውዝሃምፕተን ናብ ቸልሲ. ግዒዙ።

## ናግለስማን፡ ንቦታ ፍሊክ ክትክእ . . .

ናይ ቀደም ዓላሚ ባየር ሙኒክ ጁሊያን ናግለስማን ንቦታ እቲ ብሰንበት ዝተባረረ ኣሰልጣኒ. ሃገራዊት ጋንታ ጀርመን ሃንሲ. ፍሊክ ክትክኦ ካብ ዝኽእሉ ዓለምቲ ኮይኑ ምህላዉ. ተቓሊሑ።

ኣብ ኑሓሰ 2021 ንጆኣኪም ሎው ተኪኡ ነዛ ጋንታ ክሰልጥና ዝጀመረ ፍሊክ ካብ 25 ግጥማት ኣብ 12 ጥራይ እዩ ተዓዊቱ። ዝሓለፈ. ቀዳም ከኣ፡ ጀርመን ኣብ ሃገራ ኣንጻር ጃፓን ኣብ ዘካየደቶ ምሕዝነታዊ ጸወታ 4-1 ብምስዓራ፡ ካብ መዝነቱ ክበርር ተቐሲቡ።

በዚ ከኣ ፍሊክ፡ እዚ. ተራ ኣብ 1926 ካብ ዝጀመር ንፈለማ እዋን ካብ ስርሑ ዝተባረረ ኣሰልጣኒ. እዩ። ጀርመን ሎሚ ኣንጻር ፈረንሳ ኣብ እተካይዶ ናይ ምሕዝነት ጸወታ፡ በቲ ካብ 2000-04 ዓላሚኣ ዝነበረ. ሩድ ቮለር ክትምራሕ እያ።

በዚ ከኣ እዩ ንቦታ ፍሊክ ዝተኪእ ኣሰልጣኒ. ኣብ ዝድለየሉ ዘሎ እዋን፡ ዝሓለፈ. ወቕቲ ምስ ባየር ሙኒክ ድሕሪ ምፍልላዩ ዛጊት ናብ ስራሕ ዘይተመልሰ ዘሎ ጁሊያን ናግለስማን ክትክኦ ካብ ዝኽእሉ ኣሰልጠንቲ ኮይኑ ተቐልቂሉ። ይኹን'ምበር፡ ወኪሉ ናግለስማን ካብ ሙኒክ እንተወጽአ፡ ኣብ 2026 ዝውድእ ውዕል ስለዘለዎ ግና፡ ጀርመን ክትቖጽሮ እንተደልያ፡ ሙኒክ ካብ 10 ክሳብ 15 ሚልዮን ዩሮ ካሕሳ ክትሓትት ከምእትኽእል ይእመት። ፍሊክ፡ ኣብ 2021 ንሙኒክ ገዲፉ ንጀርመን ድሕሪ ምሓዙ፡ ቦታኡ ብናግለስማን እዩ ተተኪኡ ነይሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ጀርመን ንናይ ቀደም ዓላሚ ሆላንድ ሉዊስ ቫን ጋል እውን ጠሚቲዎ ምህላዉ፡ ጋዜጣ ቢልድ ሓቢራ። እንተ'ቲ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ንኦስትሪያ ዝዕልም ዘሎ'ሞ ንሃገራዊት ጋንታ ጀርመን ክሰልጥና ከምዝኽእል ዝተገልጸ ራልፍ ራንግኒክ ግና፡ ዝ. ዜና ወዲኡ ቅ ገይሩዎ ኣሎ።



ጸጋማይ ፍሊክ፡ የማናይ ናግለስማን

### መደብ ጸወታ

**መጻረዪ ግጥማት ዋንጫ ኤውሮጳ 2024**

9:45 ድ.ቀ

በልጅዩም - ኢስቶንያ

ሽወደን - ኦስትሪያ

ኢጣልያ - ዩክሬይን

እስጳኛ - ቆጵሮስ

ኖርወይ - ጆርጅያ

## ክረምታዊ ውድድር ህጻናት ግራስ ሩት ቀጺሉ

ክረምታዊ ውድድር ህጻናት ግራስ ሩት ኩዕሶ እግሪ ዝሓለፈ. ቀዳመ-ሰንበት ብናይ ደረጃን ዋንጫን ግጥማት ቀጺሉ ነይሩ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ናይ ትሕቲ 13 ዓመት ደቂ-ተባዕትዮ፡ ንግባይ ተመናይ ዝሰዓረት ገጀረት ቀዳመይቲ ክትወጽእ እንከላ፡ ማይ ተመናይን ኣባሻውልን ደማ ካልኣይቲን ሳልሰይቲን ተሰሪዐን። ኣብ ናይ ትሕቲ 15 ዓመት ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣኽርያ፡ ዕዳጋ ሓሙስን በሮኽን ብተኸታታሊ. ክሳብ ሳልሳይ ተሰሪዐን። ኣብ ተመሳሳሊ. ጾታ ትሕቲ 17 ዓመት ደማ፡ ቲራቮሎ ንኑዳይፍ ሰዒራ ሳልሰይቲ ኮይና ዛዚማ።

ብዘይካ'ዚ፡ ናይ ትሕቲ 17 ዓመት ደቂ-ተባዕትዮ፡ ዕዳጋ ሓሙስ ኣንጻር ፓራዲዝ ከምኡ'ውን ናይ ትሕቲ 15 ዓመት ፓራዲዞ ኣንጻር ማእከል ከተማ ኣብ መዛዘሚ ዕለት ንዋንጫ ክጻወታ ምዃነን፡ ህዝባዊ ርክባት ናይ'ቲ ውድድር ሓቢሩ።

# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## “ዓለም ንኣመሪካ ትስሕቃ ኣላ” ኣመሪካዊ በዓል-ስልጣን



መንግስቲ ኣመሪካ፡ ኣብ ክፍለ-ሃገር ኣላስካ ንጥፈታት ዕደና ነዳዲን ባህርያዊ ጋዝን ከይካየድ ብምእጋዱ፡ ካብ ኣመሓዳሪ እታ ክፍለ-ሃገር - ማይክ ዳንሊቪ ተሪር ተቓውሞ ከምዝገጠሞ ተገሊጹ።

ምምሕዳር ጆ ባይደን፡ ኣብታ ዝበዝሐ ወቕቲ ብበረድ ዝተሸፈነት ክፍለ-ሃገር ንጥፈታት ዕደና ነዳዲን ጋዝን ንምክያድ ንሓያለ ኩባንያታት ተዋሂቡ ዝነበረ ፍቓድ ዝሓለፈ ረቡዕ ክሰርዞ እንከሎ፡ ኣብ መጻኢ’ውን ዝኾነ ንጥፈታት ዕደና ከይካየድ ኣገዱ ከምዝሎ’ዩ ዝሕበር።

ኣብ እዋን ምምሕዳር ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ ኣላስካ ዘሎ ዕቑር ነዳዲ ዘይቲን ባህርያዊ ጋዝን ንምዕዳን፡ ንሸውዓተ ኩባንያታት ናይ 10 ዓመት ፍቓድ ተዋሂቡ ከምዝነበረ’ዩ ዝገለጸ።

እንተኾነ፡ ምምሕዳር ጆ ባይደን፡ እቲ ንጥፈታት ዕደና ኣብ ኣከባቢ ከቢድ ሳዕቤናት ከኸትል ብምስጋእ፡ ነቲ ተዋሂቡ ዝጸንሐ ፍቓዳት ክሰርዞ ከምእተገደደ’ዩ ዝገልጸ።

በቲ ውሳኔ ዝተቘጥዐ ኣመሓዳሪ ኣላስካ ማይክ ዳንሊቪ ከኣ፡ “እዚ ውሳነ’ዚ፡ ንዋጋታት ነዳዲን ጋዝን ብምንዛር፡ ንኣድንዳ ኣብ ሓምላይ ጸዓት ዝተዋፈራ ኩባንያታት ክሳሲ እንተዘይኪይኑ፡ ካልእ ዋላ ሓንቲ ፋይዳ ኣይክህልዎን እዩ” ክብል ተቓውሞኡ ገሊጹ።

እቲ ኣባል ሴኔት ሪፓብሊካውያን ዝኾነ በዓል-ስልጣን ወሲኹ፡ “ባይደን ኣብ ጉዳይ ጸዓት ብዘኽተሎ ዘሎ ግርምቢጥ ፖሊሲ፡ ሩስያ፡ ቻይና፡ ስዑዲ-ዓረብን ኢራንን ንኣመሪካ ይስሕቅኣ ኣለዋ” ክብል ተዛሪቡ።

ኣብ እዋን ምምሕዳር ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ ኣመሪካ ዋጋ ሓደ ጋሎን ነዳዲ ከባቢ 2 ዶላር ዝነበረ፡ ኣብ እዋን ምምሕዳር ጆ ባይደን ናብ ልዕሊ 5 ዶላር ደይቡ ከምዝሎ ይሕበር።

## ኣርመኒያ፡ ምስ ኣዘርባጃን ንምዝርራብ ድልውነታ ትገልጽ



ቀዳማይ ሚኒስተር ኣርመኒያ ኒኮል ፓሽንያን፡ ኣብ ኣከራኻሪ ዞባ ናጎርኖ-ካራባኽ እናኸረረ ንዝኸይድ ዘሎ ወጥሪ ንምህዳእ፡ ምስ ፕረዚደንት ኣዘርባጃን ኢልሃም ኣሊየቭ ህጹጽ ዝርርብ ክካየድ ድሉው ከምዘሎ ኣፍሊጡ።

ንሱ ነዚ ዘፍለጠ፡ ምስ ፕረዚደንት ፈረንሳ ኢማኑዌል ማክሮን ኣብ ዘካየዶ ናይ ቴሌፎን ርክብ እዩ።

እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ብዘይካ’ዚ፡ ኣብ ዞባ ናጎርኖ-ካራባኽ ዓሚቝ ሰብኣዊ ቅልውላው ተፈጢሩ ከምዘሎ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ እቲ ኩነታት ብሰንኪ ኣዘርባጃን ዝወሰደቶ - ናብቲ ዞባ ዘእቱ እንኮ መስመር ናይ ምዕጻውን ኣብቲ ከባቢ ሰራዊት ብብዝሒ ናይ ምዕስካርን ስጉምቲ ዝስዓበ ምኻኑ ወሲኹ ገሊጹ።

ክልቲአን ጎረባብቲ ሃገራት፡ በቲ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ደባተን ዘጋጠመን ህይወት ሓያለ ወተሃደራት ኣርመኒያ ዝሰኣነሉ ግጭት ንሓድሕደን ይወናጀላ ከምዘለዋ’ዩ ዝሕበር።

እዘን ኣባል ሕብረት ሶቬት ዝነበራ ክልተ ሃገራት፡ ብጉዳይ ዞባ ናጎርኖ-ካራባኽ ንፈለማ እዋን ናብ ኩናት ዝኣተዋሉ ግዜ - መወዳእታ 1980ታት ኮይኑ፡ እታ ብተወለድቲ ኣርመኒያ ዝተዓብለለት ዞባ ካብ ኣዘርባጃን ተፈልያ ምስ ኣርመኒያ ድሕሪ ምጽንባራ እዩ እቲ ኩናት ክበርዕ ክኢሉ።

ኣብ 2020 እውን ኣብ መንጎአን ደማዊ ኩናት ተወሊዑ ከምዝነበረ፡ ኣብቲ ኩናት ኣዘርባጃን ንዝበዝሐ ክፋል እቲ ኣከራኻሪ ዞባ ዳግማይ ክትቆጻጸሮ ከምዝኸኣለት፡ ኣብ መወዳእታ ድማ እቲ ግጭት ብሸምግልና ሩስያ ደው ከምዝበለ ይዝከር።

## ተወሳኺ

ኣብ ቱርኪ፡ ገለ ኣባላት ናይ ሓንቲ ስድራቤት ምሉእ ህይወቶም ከም እንስሳ ብኣርባዕተ መሓውርም ጥራይ ክንቀሳቐሱ ብምኽኣሎም፡ እቲ ጉዳይ ንተመራመርቲ ዘይፍታሕ ግድል ኮይኑዎም ከምዘሎ ተገሊጹ።

ብመሰረት ‘ጀሩሳሌም ፖስት’ ዝተባህለ መርበብ ሓበሬታ፡ እታ ‘ኡላስ’ ብዝብል ስም እትፍለጥ ስድራቤት፡ 18 ቈልዑ ዘፈረየት ኮይና፡ ሽዱሽተ ካብኦም ቅድሚ ሎሚ ኣብ ዘመናዊ ወዲ-ሰብ ተራእዩ ዘይፈልጥ ፍሉይ ጠባይ ሒዞም’ዮም ተወሊዶም።

ነቲ ኩነታት ዝተኸታተለ እንግሊዛዊ ሊቕ ስነ-ልቦና - ፕሮፌሰር ኒኮላስ ሃምፍሪ፡ “ዘመናዊ ወዲ-ሰብ ናብቲ ቀደም ዝነበሮ እንስሳዊ ጠባይ ክምለስ ይኽእል’ዩ ዝብል ትጽቢት ፍጹም ኣይነበረንን” ድሕሪ ምባል፡ እቶም ኣባላት ስድራቤት ብኸመይ እንስሳዊ ጠባይ ክሕዙ ክኢሎም ንምፍላጡ ሓርቢቱዎ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ኣብ ዩኒቨርስቲ ሊቨርፑል - ብሪጣንያ ዝሰርሑ ተመራመርቲ ብወገኖም ኣብ ልዕሊ’ቶም ሽዱሽተ ኣሕዋት ኣብ ዘካየዱዎ መጽናዕቲ፡ ኣስከሬኖም (ኣቋውማ ኣዕጽምቶም) ካብ ንሰብ ንወግን ከምዝመሳሰል፡ ኣብ ርእሲኡ ድማ ዓቕን ሓንጎሎም ኣዝዩ ንእሽቶይ ኮይኑ ከምዝጸንሖም እዮም ከረጋግጹ ክኢሎም።

እዞም ካብ ዝውለዱ ብኣርባዕተ መሓውርም ጥራይ ዝንቀሳቐሱ ዘለዉ ኣባላት ስድራቤት፡ ምናልባት ሕቑኖም ኣቕኒዖም ብኽልተ እግሮም ምንቅስቓስ እንተኽእሉ ብምባል፡ ናይ ፊዝዮቴራፒን ካልእ ፍሉይ መሳርሒታትን ሓገዝ ይግበረሎም ኣሎ።



## ወተሃደራውያን መራሕቲ ኒጀር ንፈረንሳ ይኸሰሱ



ወተሃደራውያን መራሕቲ ኒጀር፡ ፈረንሳ ኣብ ሃገሮም ወተሃደራዊ ጣልቃ ንምእታው ምድላዋት ትገብር ከምዘላ ከሲሶም።

ኣፈኛ መሰጋገሪ መንግስቲ ኒጀር ኮሎኔል ኣማዱ ኣብድራማን ብመንገዲ ቴለቪዥን’ታ ሃገር ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ፈረንሳ ኣብ ሓያለ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ ሰራዊታን ኣጽዋራታን ትኣኻኽብ ከምዘላ ገሊጹ።

ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ መዓልታት ጥራይ፡ ብዙሕ ኣጽዋርን ካልእ ናይ ኩናት መሳርሒታትን ዝጸዓነት ዓባይ ወተሃደራዊት ኣሩራት ፈረንሳ፡ ናብ ሴኔጋል፡ ኣይቮሪኮስትን በኒንን እናተመላለሰት ከተራግፍ ከምዝቐጸለት ድማ፡ እቲ ኣፈኛ ወሲኹ ኣመልኪቱ።

ወተሃደራውያን መራሕቲ ኒጀር ነዚ ክሲ’ዚ ዘቕረቡ ዘለዉ፡ ድሕሪቲ ብ26 ሓምለ ዝተኻየደ ዕልዋ ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ዝተኸስተ ወጥሪ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ዓሪጉ ኣብ ዘለወሉ እዋን’ዩ።

መራሕቲ ኒጀር፡ ኣብ ሃገሮም ዝርከብ ኣምባሳደርን ሰራዊትን ፈረንሳ ጠቕሊሎም ክወጽኡ ትእዛዝ ኣመሓላሊፎምኳ እንተሃለዉ፡ ፈረንሳ ግን ነቲ ትእዛዝ ብምንጻግ፡ ሰራዊታ ይኹን ኣምባሳደራ ካብታ ኣፍሪቃዊት ሃገር ከምዘይወጽእ’ያ ደጋጊማ ትገልጽ ዘላ።

ፈረንሳ ብዘይካ’ዚ፡ መራሕቲ ኒጀር ኣብ ልዕሊ ኣምባሳደራ ይኹን ሰራዊታ ዝኾነ ስጉምቲ ክወስዱ ምስ ዝፍትኑ፡ ግቡእ ግብረ-መልሲ ንኽትህቦ ድሉወቲ ምዃናውን ተጠንቂቓ ኣላ።

ካብ ዝቐመጡሉ ዒላማታት ብምንድልሃጽ መሳርሒ ሃገራት ምዕራብ እናኾኑ ይኸይዱ ከምዘለዉ ብኒጀር ዝውቀስ ኣነዋወስ እውን፡ ንፕረዚደንት መሓመድ ባዙም ናብ ስልጣኑ ንምምላስ ዘካይዶ ዘሎ ዲፕሎማስያዊ ጸቕጢታት ዝኾነ ፋይዳ ምስ ዘየርከቡ፡ ወተሃደራዊ ጣልቃ ክኣቱ ክግደድ ምዃኑ’ዩ ዘጠንቀቐ ዘሎ።

እንተኾነ፡ ህዝቢ ኒጀር ኣብ ጎድኒ’ቶም ወተሃደራውያን መራሕቲ ተሰሊፉ ብምህላዉ፡ ፈረንሳ ትኹን ኣነዋስ ኣብ ልዕሊ’ታ ሃገር ክወስዱዎ ዝኽእሉ ወተሃደራዊ ስጉምቲ፡ እንትርፎ ሕንፍሽፍሽ ካልእ ከረጋግጾ ዝኽእል ዓወት ክህሉ ከምዘይክእል’ዩም ተንተንቲ ፖለቲካ ናይ’ቲ ዞባ ዘመልክቱ።

ፈረንሳ፡ ኣብታ ኣቐዲማ ትገዝኦ ዝነበረት ኣፍሪቃዊት ሃገር ኣስታት 1,500 ወተሃደራት ከምዘለዉዋ፡ ጸብጻባት ይሕብሩ።

## ኣመሪካ፡ ናብ ዩክሬን ናይ ነዊሕ ርሕቀት ሚሳይል ንምልኣኽ ትዳሎ

ምምሕዳር ጆ ባይደን፡ ኣብ ቀረባ ግዜ ናይ ነዊሕ ርሕቀት ሚሳይል ናብ ዩክሬን ንምልኣኽ ተዳልዩ ከምዘሎ፡ ንጋዜጣ ፋይናንሻል ታይምስ ብምጥቃስ መርበብ ሓበሬታ ‘ራሻ ቱደይ’ ጸብጺቡ።

ብመሰረት እቲ መርበብ ሓበሬታ፡ ኣመሪካ ናብ ዩክሬን ክትልእኮ ትዳለወሉ ዘላ ሚሳይል ‘ATACMS’ ዝተሰምየ ኮይኑ፡ ክሳብ 300 ኪሎ-ሜተር ተጓዒዙ ዒላማኡ ክሃርም ዝኽእል እዩ።

ዩክሬን፡ እቲ ሚሳይል ንኽለኣኽላ ካብ ዝሓለፈ ዓመት ኣትሒዛ’ያ ብተደጋጋሚ ክትሓትት ጸኒሓ።


እንተኾነ፡ ኣማኻሪ ሃገራዊ ድሕነት ኣመሪካ ጃክ ሱሊቫን ኣብ ዝሓለፈ ሓምለ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ሚሳይል ናብ ዩክሬን እንተደኣ ተላኢኹ፡ “ሳልሳይ ውግእ ዓለም ክለዓዓል ይኽእል እዩ” ክብል ገሊጹ ነይሩ።

ሩስያ ብወገና፡ ኣመሪካ ትኹን ካልኦት ሃገራት ምዕራብ፡ ንድሕነታ ኣብ ሓደጋ ከእቱ ዝኽእል ሓደገኛ ኣጽዋር ናብ ዩክሬን ምስ ዝልእኻ፡ ኣብ ልዕሊአ ኩናት ከምዝኣወጃ ቈጺራ ግቡእ ወተሃደራዊ ግብረ-መልሲ ክትህበሉ ክትግደድ ምኳና’ያ ተጠንቂቓ።

ኣመሪካ፡ ነዚ ካብ ተሸከርከርቲ ዝውንጨፍ ሚሳይል፡ ኣብ ውግእ ወሽመጥን ዒራቕን ብብዝሒ ተጠቒማትሉ ከምዝነበረት ጸብጻባት ይሕብሩ።

እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ መራሒ ሰሜን ኮርያ ኪም ጆንግ ኡን፡ ናብ ሩስያ ተጓዒዙ ምስ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ክራኸብ ምኳኑ፡ ትማሊ ሰኑይ ካብ ቤተ-መንግስቲ ክረምሊን ዝወጸ ወግዓዊ ሓበሬታ ኣመልኪቱ።

ኪም ጆንግ ኡን ብዕድመ ፕረዚደንት ፑቲን መሰረት ኣብ ሩስያ ወግዓዊ ዑደት ክፍጽም ምኳኑ ዝጠቐሰ እቲ ሓበሬታ፡ ኣብዚ ቀረባ መዓልታት ሩስያ ክኣቱ ምኳኑ ወሲኹ ኣመልኪቱ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሪሻም | 12/09/2023 | ጎደና ተጋደልቲ ቁ.20፡ ጥቓ ፋብሪካ መስማር (ጎዳይፍ) | 181048 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565